
# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 34 ዓመት ቁ.176 | ሰሉስ 25 መጋቢት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
"ኤም-23፡ ንጻዕርታት ሰላም ንምድጋፍ ስጉምትታት ክወስድ እየ" ኢሉ


ገጽ 4
ቲቢ፡ ክውገድ ዝኽእል ሕማም


ገጽ 5

ደሃይ ሕትመት

ገጽ 11
ሳምሶን፡ ኣብ 'ዉሺ ማራቶን' ተዓዊቱ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዖማን ተቐቢሎ



ስእሊ- ቃእዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 24 መጋቢት ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዖማን - በድር ቢን ሓመድ ኣልቡሰዒዲ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተቐቢሎም ኣዘራሪቦም።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ሚኒስተር በድር፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ዘተኩረ መልእኽቲ ሱልጣን ዖማን - ሃይሰም ቢን ጣርቕ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣረኪቦም።


ታሪኻዊ ምትእስሳር ዘለዎ ዝምድናታት ኤርትራን ዖማንን ምምዕባል ንክልትኣዊ ረብሓ ዘገልግል ምዃኑ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ሓባራዊ መረዳእታን ራእን ምህላው ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዖማን - በድር ቢን ሓመድ ኣልቡሰዒዲ ንኤርና ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ዝነበረ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝገበሮ ዘተ፡ ንታሪኻዊ ምትእስሳር ክልቲኤን ሃገራትን ህዝብታተንን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምምዕባል፡ ከምኡ'ውን ንዞባዊ ጉዳያት ዝምልከት ርእይቶን ተመኩሮን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንምስማዕ ዝዓለመ ምንባሩ፡ ብምሕባር፡ ውጽኢታዊ ከምዝነበረ ኣረጋጊጾም።

ሚኒስተር በድር ኣስዒቦም፡ ጸጥታን ርግኣትን ናይ'ዚ ዞባ ብሓፈሻ ናይ ቀይሕ ባሕሪን ወሽመጥ ዓረብን ድማ ብፍላይ ንምውሓስ፡ ኣብ መንጎ ዝምልከተን ሃገራት'ቲ ዞባ ርክባት፡ ምትሕብባርን ሓባራዊ መደባትን ክህሉ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብሰፊሑ ከምዝተመያየጡ ሓቢሮም።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቦም ነይሮም።

# ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ፕረዚደንት ግብጺ ኣብጺሖም



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ብ23 መጋቢት - መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲ ኣብጺሖም።

መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ምዕዛዝ ኩሉመዳያዊ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ዘተኩረ'ዩ።

ፕረዚደንት ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲን ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ኣብ መዳያት ፖለቲካ፡ ቁጠባን ንግድን ዘሎ ምትሕብባር ንምሕያል ተዘራሪቦም።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ግብጺ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢ፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ሓሰን ራሻድ፡ ብወገን ኤርትራ ድማ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ረፓብሊክ ግብጺ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋስዕ ተሳቲፎም ነይሮም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ብ22 መጋቢት ኣብ ካይሮ፡ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ረፓብሊክ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢ ተራኺቦም።

እቲ ኣኼባ፡ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕብባርን ኣብ ምዕዛዙ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪን ካልኦት ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ዘተኩረ ነይሩ።

ዜና

# መንደፈራ - ዓለማዊ መዓልቲ ዳውንሲንድሮም ተዘኪራ

ዓለማዊ መዓልቲ ዳውንሲንድሮም፡ “ጾር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንኩላንን ስድራቤቶምን፡ ኮማዊ ሰረት ይሓዝ” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ብ21 መጋቢት ኣብ መንደፈራ ተኸቢራ።

ኣብ’ቲ ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ዝተሰነየ መድብ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንኩላን ዞባ ደቡብ ኣቶ ደሳለ ሓጎስ፡ መዓልቲ ዳውንሲንድሮም ብዓለም ደረጃ ንመበል 14፣ ኣብ ሃገርና ድማ ን6ይ ግዜ ትዝከር ምህላዋ ብምጥቃስ፡ እቲ ዕላማ - ኣእምሮኣዊ፡ ኣካላዊ፡ ጥዕናውን ማሕበራውን ብድሆታት ምስ ዳውንሲንድሮም ዝነብሩ ሰባት ንምግላጽን ሽግራቶም ፍታሕ ንኽረኽቡ ንምዝኽኻርን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ ሃይለ ገብረሚካኤል ድማ፡ መንግስቲ - ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ዝለዎም ቈልዑ ዝሕግዝ መደባት የተግብር ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣለይቲ ስድራቤታት - ኣብ ትሕቲኦን ዝርከቡ ሰንኩላን ቈልዑ፡ ምስ ሕብረተሰብ ዝጽንበሩሉ ባይታ ክፈጥራ ተላቢዩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ዋና ዳይረክተር ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ተወልደ ብወገኑ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንክልና ዘለዎም ዜጋታት ጾር ስድራቤቶም ጥራይ ክኾኑ ስለዘይግባእ፡ ተዂሎ ከምዝዩሰማምዖን እኹል ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከምዝረኽቡን ብምግባር ኣፍረይቲ ንክኾኑ፡ ኣበርክቶ መላእ ሕብረተሰብ ከየዝዘዘ ተማሕጺኑ።

ብተመሳሳሊ፡ እታ ዕለት ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ተሰነይ ኣብ ዝተዘከረትሉ፡ ግዱያት ግቡእ ኣተኣላልያን ናብዮትን እንተረኺቦም፡ ካብ ተዂሎ ተገላጊሎም ኑብሶም ከማዕብሉን ንጡፋት ተዋሳእቲ ክኾኑን ስለዝኽእሉ፡ ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡን ኣተኣላልያኡን ከመሓይሽ ማዘኻኸሪ ቀሪቡ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ኣምእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሰንኩላን፡ ብ21 መጋቢት ካልኣይ ዓመት ምምስራታ ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ከምእተዘከረ፡ ወከልቲ ኤረና ሓቢሩ።

ዳውንሲንድሮም፡ ኣብ መስርሕ ምምቕቓል ደቂ ወዲ-ሰብ ዝኽሰት ጠንቁ ብንጹር ዘይተገልጸ ዘይንቡር ኩነት ከምዝኾነ፡ ብዓለም ደረጃ ድማ ልዕሊ 54 ሚልዮን ግዱያት ከምዘለዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።




# ማሕበር ኤርትራውያን ክኢላታት ስነ-ምድርን ምህንድስና ዕደናን ዋዕላ ኣቃኒዑ

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2019 ዝተመስረተ ማሕበር ኤርትራውያን ክኢላታት ስነ-ምድርን ምህንድስና ዕደናን፡ “ሓላፍነታዊ ዕደና ንዘላቒ ምዕባለ” ብዝብል ቴማ፡ ብ21ን 22ን መጋቢት ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሆቴል ሃምሰኤ ዋዕላ ኣቃኒዑ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማዕድን ኣቶ ኣለም ክብርኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበር ኤርትራውያን ክኢላታት ስነ-ምድርን ምህንድስናን ዝተመስረተሉ ቀንዲ ዕላማ፡ ፍልጠት ንምክፋል፣ ደረት ምርምርን ቴክኖሎጂን ክብ ንምባል፣ ከም’ውን ምዕባለ ሓደሽ ወለዶ መሃንድሳትን ሳይንቲስትን ንምድጋፍ ብዘኽእል መንገዲ ንክኢላታት ኣብ ሓደ መኣዲ ምጥርናፍ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ማሕበር - መድረኽ ሞያዊ ምዕባለ ጥራይ ዘይኮነ፣ በዐዊዉ ሓደስቲ ደረታት ንምድህሳስ ዝሕግዝ ማእከል’ውን ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ኣብ’ዚ ዋዕላ፡ ኣብ ንጥፈታት ዕደናን ጸልዋኡን ብድሆታቱን፣ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ንጥፈታት ዕደናን ካብኡ ዝቐሰም ተመኩሮን፣ ከባብያዊ ጸልዋታት ዕደናን ክየበር ዘለዎ ጥንቃቐን፣ ፖሊሲ ወፍሪ ዕደና ኣብ ኤርትራ፣ ሽርክነታዊ ወፍርን ረብሓታቱን ኣብ ምርግጋጽ ዘላቒ ምዕባለ፣ ህሉው ንጥፈታት ዳህሳስ ማዕድን ኣብ ኤርትራ፣ ኣብ መስርሕ ምምዕባልን ምስፋሕን ዝርከብ ማዕድናዊ ዳህሳሳትን፣ ተርእዮ ምንቕጥቃጥ ምድርን ሳዕቤናቱን፣ ቀረብ ማይ ከተማ ዓሰብን ምሕደርኡን፣ ከም’ውን ኣብ ጸጋታት ትሕተ-ባይታዊ ማይን ካልእን ዘተኩረ 14 መጽናዕታዊ ጽሑፋት ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ሕሉፍ፡ ህልውን ናይ መጻእን ኩነታት ጽላት ዕደና ኣብ ኤርትራ፡ ሓበራዊ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ተሳተፍቲ - ምምሕያሽ ንዝተገበረሉ ቅዋም ማሕበር ድሕሪ ምጽዳቕ፡ ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጾም።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ነበርቲ ደቂ-ዘርኡ፡ ናይ ሓመድ ጽርግያ ይሰርሑ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ደቂዘርኡ - ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን፡ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ካብ ቀንዲ መስመር ኣስመራ - ከረን ናብ ዓዶም ዘእቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ይሰርሑ ኣለዉ።

እዚ ብደገፍ ማሽነሪ ዝስራሕ ዘሎ 10 ሜትሮ ግፍሒን 3 ኪሎሜተር ንውሓትን ዘለዎ ጽርግያ ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ ዕለታዊ ማሕበራቁጠባዊ ህይወቶምን ዝረኽብዎ ኣገልግሎታትን መሰተርሆ ከምዝፈጥረሎም፡ ነበርቲ ገሊጾም።

ነቲ ስራሕ ካብ ዝመርሑ ዘለዉ ሞያውያን - መሃንድስ በረኸት ምሕረትኣብ፡ እቲ ኣብ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ስራሕ፡ ብሓያል ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ደረጃ ምዝዛም በጺሑ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ካልኣይ ደረጃ ጽርግያታት ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ብወገኑ፡ እቲ ዕዮ ምስ ዝምልከቶም ኣካላትን ኩነታትን ተወሃሂደካ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ብህዝቢ ንዝተወስደ ተበግሶ መጒሱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ሌተናል ኮሎኔል የማነ ሙብራህቱ ድማ፡ ነበርቲ ብዘለዎም ወህደት ካልእ ዓቢ ልምዓታዊ ስራሕ ከተግብሩ ከምዝኽእሉ፡ እዚ ህያው ምስክር ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ስጡም ወህደቶም ብዝሓየለ ክቕጽልዎ ተላብዩ።

ሓንቲ ካብ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ዝኾነት ደቂዘርኡ፡ 1,386 ነበርቲ ኣለዉዋ።



# ዜና ጐደቦ

ሸዊት ተኽለ

## "ኤም-23፡ ንጻዕርታት ሰላም ንምድጋፍ ስጉምትታት ክወስድ እየ" ኢሉ

ብመንግስቲ ርዋንዳ ከምዝድገፍ ዝንገረሉ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሲያዊት ኮንጎ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ዘካይድ ዘሎ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ 'ኤም-23'፡ ንዘካይድ ዘሎ ጻዕትታት ዘተ-ሰላም ንምድጋፍ ካብ'ታ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተቖጻጸራ ከተማ 'ዋሊካለ' ክወጽእ ምዃኑ፡ ኪንሻሳ ተቓወምቲ ሓይልታት ኮንጎ ሓቢሩ።

እቲ 'ኪንሻሳ ሩባ ኮንጎ' ዝተባህለ ኪንሻሳ ተቓወምቲ ሓይልታት ኮንጎ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ኤም-23፡ ካብ ዋሊካለን ከባቢኣን ሓይልታቱ ክወጽእ ወሲኑ እዩ" ኢሉ።

እዚ ውሳኔ፡ ምስ'ቲ ኣብ ወርሒ ለካቲት ዝተኣወጀ ምቁራጽ ተኾሲ ዝሰማማዕን ንተበግሶታት ሰላም ዝድግፍን ምዃኑ ድማ፡ እቲ ኪንሻሳ ንሰብስልጣን መንግስቲ ኮንጎ ኣረዲኡ።



መንግስቲ ኮንጎ፡ ኤም-23 ዝሓለፈ ሰሙን ሕብረት ኤውሮጳ ብሸነኺ'ቲ ኣብ ልዕሊ መራሕቱን ወተሃደራውያን ሰብስልጣን ርዋንዳን ዘንበሮ እገዳ ካብ'ቲ ኣብ ኣንጎላ ምስ ሰብስልጣን ኮንጎ ክካየድ ተወጢኑ ዝነበረ ዝርርብ ሰላም ድሕሪ ምንስሓቡ ካብ ከተማ ዋሊካለ ክወጽእ ምዃኑ ዘወጸ መግለጺ፡ ናብ ግብሪ ክቕየር ተስፋ ከምዝለዎ ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኮንጎ ቴሬዛ ካይክዋምባ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኤም 23 ካብ ዋሊካለ ክወጽእ ደዩ ኣይክወጽእን፡ ንዞተን ሰላምን ቀዳምነት ክህብ ደዩ ኣይክህበን ክንርኢ ኢና" ክትብል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ ዘወጾ መግለጺ ዘለዋ ጥርጣረ ገሊጻ።

ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ ብዘካየዶ መጥቃዕትታት ንኽልተ ዓበይቲ ከተማታት ምብራቕ ኮንጎ ዝተቖጻጸረ ኤም-23፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ናብ ምዕራባዊ ክፋል ምብራቕ ኮንጎ ብምስጋስ ንከተማ ዋሊካለ ምቁጽጻሩ ዝዝከር እዩ።

ምትሓዝ እዛ ከተማ፡ ኤም-23 ነታ ራብዓይቲ ዝዓበየት ከተማ ኪሳንጋኒ ንኽቆጻጸራ 400 ኪ.ሜ ጥራይ ንኽተርፎ ከምዝሕግዞ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ኡጋንዳ፡ ሓያሎ ኣባላት 'ኮደኮ' ከምዝቐተለት ሓቢራ



ሰራዊት ኡጋንዳ ኣብ ልዕሊ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ 'ኮደኮ' ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ 242 ኣባላት ናይ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ ከምእተቐትሉ ሓቢሩ።

ሰራዊት ኡጋንዳ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ፡ ኮደኮ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ምብራቓዊ ኮንጎ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ኡጋንዳ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ እዩ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኡጋንዳ ክሪስ ማገዚ፡ ኣማኢት ኣባላት ኮደኮ ኣብ ኣውራጃ ኢቱሪ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ ነቑጣ ሓይልታት ምክልኻል ኡጋንዳ ዝሓለፈ ረቡዕን ሓሙስን መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሙ ብምሕባር፡ ሰራዊት ኡጋንዳ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ ሰፍ ዘይብል ሰባዊ ክሳራ ከምዘውረደ ሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣፈኛ ኮደኮ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ እቲ ጉጅለ ክልተ ኣባላት ጥራይ ከምዝሰኣነ ብምግላጽ፡ እቲ ብሰራዊት ኡጋንዳ ዝተዋህበ ቍጽሪ ዝተጋነነ ምዃኑ ገሊጹ።

ኮደኮ፡ ሓደ ካብ'ቶም ማዕድናዊ ሃብቲ ምብራቕ ኮንጎ ንምቍጽጻር ዝቃለሱ ልዕሊ ሚእቲ ዕጡቓት ጉጅለታት እዩ።

ኡጋንዳ፡ ኣብ 2021 'ኤይ.ዲ.ኤፍ' ዝተባህለ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ መንግስቲ ኮንጎ ንምጥፋእ ናብ'ታ ሃገር ሰራዊት ከምዘለኣኸት ዝፍለጥ እዩ።

## ኬንያ - ብመጥቃዕቲ ኣል-ሸባብ 6 ኣባላት ፖሊስ ተቐቲሎም

ኣብ ኬንያ፡ ዕጡቕ ጉጅለ ኣል-ሸባብ ኣብ ሓደ መዓስከር ፖሊስ ከምዘኽፈቶ ብዝተገልጸ መጥቃዕቲ፡ 6 ኣባላት ፖሊስ ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 4 ድማ ከምዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ፖሊስ ኬንያ፡ እቲ መጥቃዕቲ ምስ ሶማል ኣብ እትዳወብ 'ጋሪሳ' ዝተባህለት ምብራቓዊት ኣውራጃ ኬንያ እዩ ተፈጺሙ።

እቶም ዕጡቓት ኣብ ከባቢ ወጋሕታ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ፖሊስ ዝሕብሩሉ መዓስከር መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሙን ነቲ መዓስከር ንምውራር ድማ ዝተፈላለየ ኣጽዋር ከምዝተጠቐሙን እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣል-ሸባብ ብዛዕባ እቲ መጥቃዕቲ ዛጊት ርእይቶ እኳ እንተዘይሃበ፡ ናብ ወተሃደራውን ሲቪላውን ዒላማታት ዘቕነዐ ሽበራዊ ስርሒታት ብተደጋጋሚ ከካይድ ምጽንሑ ይፍለጥ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኬንያ፡ ብሸነኺ ሰገሩ መጥቃዕቲ፡ ጊዮር ናብ ኣውራጃ ጋሪሳን ካልእ ምስ ሶማል ዝዳወብ ከባቢታትን ከየብጽሑ ድሕሪ ምጥንቃቑ ድሕሪ ሓደ ሰሙን እዩ ተፈጺሙ።

ምስ ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎ ኣል-ሸባብ፡ ንማእከላይ መንግስቲ ሶማልያ ንምእላይ ንዓመታት ዝኣክል ሽበራዊ ንጥፈታት ከካይድ ምጽንሑ ይፍለጥ።



## እስራኤል፡ ንላዕለዋይ ፖለቲካዊ መራሒ ሓማስ ቀቲላ

እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ቓዛ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ኣየር፡ ላዕለዋይ ፖለቲካዊ መራሒ ሓማስ ከምዝተቐትለ፡ ሓደ ብዓልስልጣን ሓማስ ንቢ.ቢ.ሲ ሓቢሩ።

በቲ መጥቃዕቲ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ናይ'ቲ ጉጅለ ዝኾነ ሳላሕ ኣል-ባርዳዊል ምስ ብዓልቲ-ቤቱ ከምዝተቐትለ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ በቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብውሕዱ 23 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ኣብ ረፋሕ ኣብ ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት 'ታል ኣሱሱልጣን' ተዓቚቦም ዘለዉ ፍልስጤማውያን ድማ ካብ'ቲ ቦታ ክወጹ ብሰራዊት እስራኤል ትእዛዝ ተመሓላሊፉሎም ኣሎ።

እስራኤል ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪታ ዝኾነ ቅጽበታዊ ርእይቶ ኣይሃበትን ዘሎ፡ እታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሙን መጥቃዕታ ዳግማይ ካብ እትጅምር ንደሓር ዛጊት ሓያሎ ላዕለዎት መራሕቲ ሓማስ ተቐቲሎም ከምዘለዉ ይሕብር።

ሰራዊት እስራኤል ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ቓዛ ዳግማይ መጥቃዕቲ ዝጀመረ፡ እቲ ካብ 19 ጥሪ ኣትሒዙ ዳርጋ ንኽልተ ኣዋርሕ ብዘቓመ ህድኣት ፈጢሩ ዝጸንሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኾሲ ብሸነኺ ኣብያ ሓማስ ከምዝተበቕዐ ድሕሪ ምኽሳሱ እዩ።

እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዳግማይ መጥቃዕትታት ካብ እትጅምር ንደሓር ልዕሊ 600 ፍልስጤማውያን ከምእተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ ይሕብር።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እስራኤልን ሊባኖስን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ተኸሲ ደው ካብ ዘበላ ንደሓር፡



ሰራዊት እስራኤል ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ዳግማይ መጥቃዕቲ ሮኬት ኣካይዱ።

ብመሰረት ሓበሬታ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ፡ ኑቲ ዝተፈጸመ ሓድሽ መጥቃዕቲ ሮኬት ሰዒቡ ሓደ ህጻን ዝርከቦም 7 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 40 ድማ ቆሲሎም ኣለዉ።

ይኹን'ምበር፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሕዝቦላህ ዒላማኡ ከይወቕዐ ተሃሪሙ ዝበርዓ 3 ሮኬታት ናብ እስራኤል ድሕሪ ምውንጫፉ፡ መልሱ-ግብሪ ንምሃብ ኢሉ ንመኣዘዚ ማእከላት ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ሮኬት ከምዘካየደ ሓቢሩ።

ዳርጋ መዓልታዊ ኣብ ልዕሊ ሕዝቦላህ መጥቃዕቲ ኣየር ተካይድ ዘላ እስራኤል፡ እቲ ጉጅለ ዳግማይ ከይትንስእ መጥቃዕታ ዝያዳ ከተሐይሎ ምዃና ኣጠንቂቓ ኣላ።

ሕዝቦላህ ግን ኑቲ መጥቃዕቲ ከምዘይፈጸሞን ኑቲ ኣቐዲሙ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተዂሱ ድማ ከምዘኽብሮን'ዩ ዝገልጽ ዘሎ።

እዚ ሓድሽ ምዕባለታት፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሕዝቦላህን ተፈጢሩ ዝጸንሐ ግጭት ብሸምግልና ኣመሪካን ፈረንሳን ደው ኢሉ ድሕሪ ምጽንሑ'ዩ ዝርአ ዘሎ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕ፡ ሰራዊት ሊባኖስ ዕጡቓት ሕዝቦላህ ንእስራኤል ከየጥቅዑ ንምክልኻል ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ናብ ደቡባዊ ክፋል እታ ሃገር ከዋፍሩ፡ ሕዝቦላህውን ካብ'ቲ ከባቢ ዕጡቓቱን ኣጽዋራቱን ከስሕብ፡ ኣብ ኣዋሕዲኡ ድማ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ክፋል'ታ ሃገር ካብ ዝሓዞም ከባቢታት ክወጽእ ዝብሉ ነጥብታት ዝሓቘፈ ምንባሩ ይግለጽ።

እንተኾነ፡ እቲ ስምምዕ ብኽልቲኦም ወገናት ተግባራዊ ኣይኮነን ጸኒሑ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቲቢ - ክውገድ ዝኽእል ሕማም

ሕማም ቲቢ - 'ማይኮባክተሪዩም ቱበርኩሎሲስ' (Mycobacterium tuberculosis) ብዝተባህለ ባክተርያ ዝመጽእ ሕማም እዩ። እዚ ባክተርያዚ ከም ልሙድ ንሳንቡእ ዘጥቅዕ'ኳ እንተኾነ፡ ኩሊት፡ ዓንዲ ሕቖ፡ ሓንጎል ወዘተ ዝኣመሰሉ ካልኦት ክፍሊ ኣካላትና'ውን ከጥቅዕ ይኽእል እዩ። ሕማም ቲቢ ግቡእ ክንክን እንተዘይተገይሩሉ ቀታሊ ሕማም እዩ።

ዓመት መጸ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቲቢ ኣብ መጋቢት 24 ተዘኪሩ ይውዕል። ሎሚ ዓመት "ኩሉ ዓቕምናን ክእለትናን ብምውህሃድ፡ እወ! ቲቢ ከጥፍኦ ንኽእል ኢና" ብዝብል ቴማ ይዝከር ኣሎ።

ኣብ መላእ ዓለም፡ መዓልታዊ 3425 ሰባት ብሰንኪ ሕማም ቲቢ ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር። ማሕበራውን ቁጠባውን ጽልዋታት ከም ድኽነት፡ ኢንታን ተጻሒሎን ድማ ነቲ ሕማም ኣዝዩ ካብ ዘብእስዎ ዘለው ጉዳያት እዮም። ኣብ ዝመጽእ 2030 ዝርግሐን ሞትን ብሕማም ቲቢ ክረያ ክረ ክኸውን ድማ፡ ዓለማዊ፡ ኣህጉራውን ሃገራውያንን መደባት ተወሲዱ ክሰርሕ ውድብ ጥዕና ዓለም ብኢንጋጣሚ መዓልቲ ቲቢ መጋቢት 24 ይጽውዕ።

ቲቢ፡ ብዓይንና ዘይርአ ታህዋስ (ባክተርያ) ዝመጽእ ሕማም እዩ። ቲቢ ዝሓመመ ሰብ ኣብ ዝስዓለሉ፡ ዝህንጥሰሉ፡ ዝዛረበሉ ወይ'ውን ኣብ ዝደርፈሉ እዋን፡ እቲ ጠንቂ ቲቢ ዝኾነ ታህዋስ ናብ ከባቢ ኣየር ይዝርጋሕ። ኣብ ከባቢኡ ዝጸንሐ ጥዑይ ሰብ፡ እዚ ታህዋስ ብስርዓተ ምስትንፋስ ኣቢሉ ናብ ኣካላቱ ድሕሪ ምእታው፡ ኣብ ሓደ እዋን ብቲቢ ይጥቃዕ። ብኸምዚ ኣገባብ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይዝርጋሕ።

**ቲቢ ዝያዳ ንመን የጥቅዕ?**

- ቁልዑን ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባትን፤
- ግቡእ መኣዘዊ መግቢ ዘይወስዱ ሰባት፤
- ከም መዓስከራት፡ ኣብያተ ማእሰርቲን ሻውላትን ዝኣመሰሉ፡ መዕቆብኦም ብግቡእ ጹሓይ ብርሃንን ኣየርን ኣብ ዘይኣትዎ ብእኩብ ዝነብሩ ሰባት፤
- ብዝበዝሐ ኣባላት ስድራ ኣብ ሓደ ክፍሊ ምንባር፤
- ተጠቀምቲ ሽጋራ፡ ትምባኾን ኣልኮላዊ መስተን ዝኾኑ ሰባት፤
- ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ. - ኤይድስ፡ ሽኮርን ካልእ ዝኾኑ ሰባት፤

ቲቢ ኣየናይ ኣካላት ሰብነትና የጥቅዕ?

ቲቢ ንመላእ ኣካላትና ዘጥዕ ዓይነት ሕማም እዩ። እቲ ዝበዝሐ 80 ሚእታዊት ንሳንቡእ ዘጥቅዕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ 20 ሚእታዊት ድማ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዘይመሓላለፍ ኮይኑ ንዝተፈላለዩ ኣካላት የጥቅዕ። ሓደ ካብኡ እቲ ብዝየፈልጦ ጸብ ናይ ጥሪት ብምስታይ ዝርአ ዓይነት ቲቢ እዩ። ኣብ ሃገርና ክልተኡ ዓይነት ሕማም ቲቢ ኣሎ።

**ቀንዲ ምልክታት ቲቢ**

- ልዕሊ ክልተ ሰሙን ዝቕጽል ሰዓል፤
- ደም ዘለዎም ዘይብሉን ዓኽታ፤
- ቃንዛ ቁፎ ኣፍ ልቢ፤
- ትሑት ሸውሃት፤
- ቀጻሊ ረሰንን ረሃጽን ኣብ ግዜ ለይቲ፤
- ምንካይ ክብደት ሰብነት፤
- ርኡይ ድኻም ሰብነት ወዘተ።

እዞም ምልክታት እዚኦም ብምሉኦም ወይ ብኸፊል ኣብ ዝርኣዩሉ እዋን፡ ተቐላጢፍና ናብ ከባቢና ዘሎ ትካል ጥዕና ብምኻድ መርመራ ብምግባር፡ ህላወ ቲቢ ምርግጋጽ የድሊ። በቲ ሕማም'ቲ ተለኺፍና ምስ እንኸውን፡ እቲ ሕማም ክሓዊ ዝኽእል ብምዃኑ ተቐቢልና፡ ዝተኣዘዘልና መድሃኒት ብግቡእ ተኸታቲልና ክንወስዶ ይግባእ። ክሳብ ብግቡእ ንሓዊ ጥቡቕ ምክትታል ምግባር፡ ንረብሓናን ረብሓ ሕብረተሰብናን ምዃኑ ክንስተብህል ይግባእ። እዩም ምስቲ ግዳይ ብቐረባ ዝነብሩን ርክብ ዘለዎምን ሰባት ድማ፡ በቲ ሕማም ተለኺፎም ከይህልዉ ንምርግጋጽ ናብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ክገብሩ የድሊ። ብፍላይ ህጻናትን ሽማግለታትን መከላኸሊ ናይቲ ሕማም ክወስዱ ይምረጽ።

መኣርሒ መጸረ ሕማም ቲቢ

መኣርሒታት መጸረ ቲቢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማዕበለ ይመጽእ ኣሎ። ኩሎም ኣብ ሃገርና ተኣታትዮም ይሰርሑሎም ኣለዉ። ረጃ ከምኡ'ውን መመርመሪ ዓኽታ፡ እቲ ቀደማይ ሕጂ ክልተ መዓልቲ ዝወስድ ዝነበረ፡ ሎሚ ኣብ ክልተ ሰዓት መልሲ ህላወ ቲቢ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

**ቲቢ ኘኽጠፍእ ዝኽእሉ መገዲ እዮም?**

ቲቢ ንመላእ ሕብረተሰብ ክትንክፍ ዝኽእል ሕማም ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ምጥፍኡ ባዕሉ ሕብረተሰብ ምሉእ ብምሉእ ተወዲቡ ክሰርሓሉ ግዴታኡን ረብሓኡን እዩ። ሓደ ካብኡ፡ ካብ ኩለን ዞባታት ክሳብ ዓድታት ዝወርድ ብኣሳለጥቲ ምክትታል ጥዕና ዓዲ ዝፍለጡ ግዱሳት ዜጋታት ዝነብርዎ ንጥፈታት ምርኣይ ይከኣል። ግን ካብ ዘኪሪድዎም ንጥፈታት፦

- ንጥርጡራት ቲቢ ንሕክምና ብምስዳድ ከም ዝምርመሩ ምግባር።
- ነቶም መድሃኒት ዝጀመሩ፡ ክሳብ ብሕክምናዊ መርመራ ካብቲ ሕማም ናጻ ምዃኖም ዝረጋገጽ ንሽዱሽተ ወርሒ መመላእታ መዓልታዊ ግዜኦም እናኸዱ መድሃኒቶም ክወስዱ ከም ዘለዎም ምክትታል።
- ምስ ግዳይ ናይ ሕማም ቀረባ ርክብ ዘለዎም ኣባላት፡ ንመርመራ ናብ ትካል ጥዕና ምስናይን ምክትታልን።
- ብሰንኪ ዕበየትን ሰንክልናን ካልእን ናብ ትካል ጥዕና ክኸዱ ዝይክእሉ ዜጋታት፡ እቲ ግቡእ ጥንቃቐ ብምግባር ዓኽታኦም ንመርመራ ናብ ትካል ጥዕና ምውሳድ።
- ስሩዕ ኣኼባታት ጸብጻብን ስርሖም ናብ ትካል ጥዕና ምቕራብ፡ ሓዲሽ ሓበሬታ እንተሎ ድማ ምውሳድ።
- ቀንዲ መራኸቢቲ ኣብ መንጎ ክምን ትካላት ጥዕናን ብምዃን ምግልጋል።

ቀንዲ ኣገባብት መከላኸሊ ምትሕልላፍ ቲቢ ካብ ሰብ ናብ ሰብ

- ኣብ እዋን ምስዓልን ምህንጣስን ኣፍናን ኣፍንጫናን ብመንዲል ንሽፍን።
- ዓኽታ ከመጽኣና እንከሎ ኣብ ዝኾነ ቦታ ጠፍ ክንብል ኣይግባእን። ኣብ ግዚ እንጥቀመሉ መቐበሊ ዓኽታ ታኒካ ምስ መኽደኑ ተጠቒምና ንዓሰርተ ደቓይቕ ኣፍሊሕና ኣብ ዓይኒ ምድሪ ወይ ጉድጓድ ፍሒርና ንቕብሮ። እቲ ታኒካ ድማ ሓጺብና ከም እንደገና ክንጥቀመሉ ንኽእል።
- ግዳያት ናይቲ ሕማም ዝኾኑ ሰባት ብግቡእ ሕክምናዊ ምክትታል ብምግባር ከሕጋኦም ምምሕያሽ።
- እንድቅስሎም መናጸፍ መዓልታዊ ኣብ ጸሓይ ኣውጺእና ንፋስ ከም ዝረክብ ምግባር።
- መሳኸቲ ናይቲ እንድቅሰሉ ክፍሊ ምኽፋት።
- ህጻናት ክታበት ቲቢ ማለት BCG ብስሩዕ ከም ዝወስዱ ምግባር።
- ኣብ ኣመጋግባ ስሩዕ ምክትታል ብምግባር መኣዘዊ መግብታት ምምጋብ።

ኣስተብህሉ! ልዕሊ ክልተ ሰሙን እንተሰዒልና፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ክንገብር ኣሎና።

ሕማም ቲቢ ብኸመይ ይመሓላለፍ?

ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ቲቢ ብዓይንና ብዘይረአ ባክተርያ ዝመጽእ ሕማም እዩ። ቲቢ ዝሓመመ ሰብ ኣብ ዝስዕለሉ፡ ዝህንጥሰሉ፡ ዝዛረበሉን ዝደርፈሉን እዋን፡ እቲ ጠንቂ ቲቢ ዝኾነ ባክተርያ ናብ ከባቢ ኣየር ይዝርጋሕ። ኣብ ከባቢኡ ዝጸንሐ ጥዑይ ሰብ ነቶም ባክተርያ ብስርዓተ እስትንፋስ ኣቢሉ ናብ ኣካላቱ ድሕሪ ምእታው ኣብ ሓደ እዋን ብቲቢ ይጥቃዕ። ብኸምዚ ኣገባብ ቲቢ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይላባዕ።

**ሕማም ቲቢ፦**

* ሰላም ብምብሃል፡
* ብሓንሳብ ብምብላዕን ምስታይን፡
* ኣንሶላን ካልእ መንጸፍ ዓራትን ብምትንካፍ፡
* ብምስዓም ኣይመሓላለፍን እዩ።

ቲቢ ብዘይካ ብኣየር ብኻልእ መንገዲ ኣይመሓላለፍን እዩ። ሓደ ሰብ ቲቢ ባክተርያ ዘለዎ ኣየር ናብ ኣካላቱ ምስ ዝስሕብ፡ እቲ ባክተርያ ኣብ ሳንቡኡ ዓሊቡ ክዑብን ክራብሕን ይጅምር። ካብዚ ምስ ደም ተሓዊሱ ናብ ኩሊት፡ ዓንዲ ሕቖን ሓንጎልን ናይቲ ግዳይ ክስፋሕፍሕ ይኽእል።

ኣብ ሳንቡእ ዝርከብ ሕማም ቲቢ ተላባዒ እዩ። እዚ ማለት፡ እቲ ባክተርያ ናብ ካልእ ጥዑይ ሰብ ክሓልፍ ይኽእል እዩ። ኣብ ከም ኩሊት ወይ ዓንዲ ሕቖ ዝርከብ ሕማም ቲቢ ግና ናብ ካልእ ሰብ ኣይላባዕን እዩ።

ሕማም ቲቢ ዘለዎ ሰብ፡ ነቲ ሕማም ናብ ስድርኡ፡ ኣዕሩኽቱ፡ መሳርሕቱን መማህርቱን ከመሓላልፎ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ። እዚ ግቡእ ጥንቃቐታት ምስ ዘይግበር እዩ።

ዝምድና ቲቢ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. - ኤይድስ

ንቲቢ ካብ ዝቃልዑ ሕሞማት ብቐዳምነት ዝጥቀስ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ. - ኤይድስ እዩ። ጸብጻብት ሚኒስትሪ ጥዕና ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ 2024 ካብ ግዳያት ሕማም ቲቢ፡ እቶም 2.3 ሚእታዊት ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝነብሩ እዮም። እቲ ሚኒስትሪ ኣብዚ ኩነታት'ዚ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ስለ ዘሎ፡ ኩሎም ብቲቢ ዝተጠቕዑ ዜጋታት ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መርመራ ክገብሩ መደብ ብምውጻእ ምሉእ ብምሉእ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዮም ግዳያት፡ ኤች.ኣይ.ቪ. ምስ ዝርከቦም ብኣግኡ መድሃኒት ስለ ዝወስዱ፡ እቲ ሕማም ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ኣብ ምውራድ ዘይነዓቕ ተራ ይጻወት ኣሎ።

ራኢ ዓለማዊ ስትራተጂ 2035 ኣብ ምኽታም ቲቢ

ሚኒስትሪ ጥዕና ለበዳ ሕማም ቲቢ ምቁጽጻር ብሰንኪ ቲቢ ዝስዕብ ስቅያትን ሞትን ናብ ዜሮ ንምውራድ ስትራተጂ 2035 ንምዕዋት ከም ወትሩ ምስ ውድብ ጥዕና ዓለምን ካልኦት መሻርኽቲን ሰሚሩ ይሰርሓሉ ኣሎ።

ኩነታት ሕማም ቲቢ ኣብ ሃገርና

ጸብጻብ ጥዕና ዓለም ከም ዝሕብሮ መዓልታዊ 30 ሽሕ ሰባት ብቲቢ ይልከፉ። በቲ ካልእ ሸነኹ ብምውህሃድ ዓለማዊ ጻዕሪ ካብ 2000 ክሳብ 2023፡ 79 ሚልዮን ግዳያት በቲ ሕማም ክስዕብ ካብ ዝኽእል መቕዘፍቲ ክድሕኑ ክኢሎም ኣለዉ።

ኣብ ሃገርና፡ ካብ 2014 ክሳብ 2023 ኣብ ዘሎ 10 ዓመታት 20,245 ሰባት በቲ ሕማም ተለኺፎም። ካብዞም ግዳያት 19413 ክሓውዩ እንከለዉ፡ ህይወቶም ናይ ዝሰኣኑ ቁጽሪ 832 ነይሩ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሃገራውን ዞባውያንን መወከሲ ሆስፒታላት መኣርሒ መጸረ ሕማም ቲቢ ዓጢቐን ብምህላወን፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝነብር ህዝብና ብዘይ ጸገም መርመራ ናይቲ ሕማም ክገብር ይኽእል እዩ።

**መልእኽቲ ቲቢ**

- ቲቢ ዝፍወስ ሕማም እዩ ተጻሒሎ ኣይግባእን፤
- ግዳያት እናፈወስና፡ ጥዑያት በቲ ሕማም ከይልከፉ ግቡእ ጥንቃቐን ምክልኻልን ብምግባር ነቲ ሕማም ንምጥፍኡ ንጽዓር፤
- ቲቢ ኣብ ሹዱሽተ ወርሒ ተፈዊሱ ዝሓዊ ሕማም እዩ። ስለዚ፡ መድሃኒትና ብግቡእ ንኸታተል።
- ተጻዋርነት ናይቲ መድሃኒት ኣጥሪና ኣብ ዝኸፍአ ሳዕቤን ከይንወድቕ ንጠንቀቕ!

ዋጋኡ ክቡር ዝኾነ መድሃኒት ሕማም ቲቢ፡ ኣብ ሃገርና ብናጻ ይወሃብ።


ስለዚ፡ ነዚ ክንከላኸሎን ክንፍውሶን ዝከኣል ሕማም ቲቢ ኩሉ ሕብረተሰብ እጃሙ ብምብርካት ንምጥፍኡ ይቃለስ።


ሃገራዊ ምክልኻልን ምክትታልን ሕማም ቲቢ

**ሚኒስትሪ ጥዕና**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ-ህይወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:30 | ሄራር |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ-ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ደሃይ ሕትመት

### መደብ ምልላይ መጻሕፍትን ጽንብል ኣበርክቶ መላእ ዕምርን

“ካብ ጉርፌ ተዘክሮ - ዓቐበት ቊልዕነትን ኲትትናን” ከምኡ'ውን “ሃና ፍራንክ - ዲያርዮ ናይ ሓንቲ ንእሽቶይ ጓል” ዘርእስተን ክልተ መጻሕፍቲ ተኪአ ተስፋይ፡ ሳልሳይ ሰብ ስልጣን መንግስቲ፡ ሓያሎ ኣፍቀርቲ ንባብ፡ ቤተሰብ ደራሲ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ብርክት



ዝበሉ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዞባ ማእከልን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ዓርቢ 21 መጋቢት ኣብ ሰንማ ሮማ ምስ ተሳተፍቲ ተላልየን።


ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ፡ መንእሰያት ሞያተኛታት ስነጽሑፍ ኣብ ዕዮታት ተኪአ ተስፋይ ብሓፈሻን ኣብዘን ክልተ መጻሕፍቲ ብፍላይን ዘለዎም ተመኩሮ፡ ንባብን ዝኽርን ብምኽፋል፡ ንወህሉል ኣበርክቶ ተኪአ ኣብ ዕቤት ስነጽሑፍ ሃገርና ዝገልጽ መልእኽቲ ኣመሓላለፉ። እዞም ሞያውያን፡ ዕዮታት ተኪአ ተስፋይ ኣብ ህይወቶም ዝፈጠሮ ንቕሓትን ፍቕሪ ንባብን ብምግላጽ፡ ኣብቲ ናይ ዘንበቡዎን መጻሕፍቱ ብምጥቃስ ዝኸርታቶም ኣካፈሉ።

ቀንዲ መሻርኽቲ ዕዮታት ተኪአ ተስፋይ፡ “ሕትመት ሕድሪ” ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ “ሕትመት ሕድሪ ስሚ ወህሉል ኣበርክቶ ተኪአ ኣብ ስነጽሑፍ ሃገርና ኣብ እንጽንበለሉ፡ ስለቲ ዓይነታውን ብርክትን ወዕሉ ክብሪ ይስምዓና። በዚ ኣጋጣሚ'ምበኣር፡ ከም መግለጺ 'ክብሪ ንሱብ ግብሪ' ብዓይነቱ ናይ ፈለማ 'ሽልማት ሕድሪ' ተዳልዩሉ ኣሎ” ኢሉ።

ተኪአ ተስፋይ ነታ ወህሉል ኣበርክቶኡ እትገልጽ ናይ ፈለማ “ሽልማት ሕድሪ” ካብ ኢድ ሚኒስተር መሬት ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሰ ተቐበለ።

ተርጓሚ፡ መዝገበ-ቃላተኛን ደራስን ተኪአ ተስፋይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መስርሕ ዕዮ ትርጉም “ሃና ፍራንክ” ከምኡ'ውን ታሪኽ ህይወቱ ክጽሕፍ ዝደረኾ ምኽንያት ብምግላጽ፡ ኣብ ጉዕዞ ሞያኡ ዝደገፉዎን ካብ ጎድኑ ዘይተፈልዩን ሰባት ብምጥቃስ ኣመስጊኑ።


ኣስታት 50 ዓመት ኣብ ዕዮ ጽሑፍ ዝሓለፈ ኣቶ ተኪአ ተስፋይ፡ ኣብ ስነጽሑፍ ሃገርና መሰረታዊ ኣበርክቶ ዘለወን 16 መጻሕፍቲ




ደራሲ፡ ኣዳልዩን ተርጒሙን። ካብ ዕዮታቱ ምድላው ክልተ መዝገበ ቃላት - ምዕቡል መዝገበ ቃላት ትግርኛ-ትግርኛ ከምኡ'ውን ምዕቡል መዝገበ ቃላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ፡ ንተኪአ ብድምር ልዕሊ 22 ዓመት ከም ዘወሰደሉ ሕትመት ሕድሪ ገሊጹ። ምዕቡል መዝገበ ቃላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ ብኣንድሮይድ ኣፕሊኬሽን ተዳልዩ ኣብ ሞባይላት ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ኮይኑ፡ ሓደሽ ሕታም ምዕቡል መዝገበ ቃላት ትግርኛ-ትግርኛ ድማ ብዕጽሬ ሰፊሑ ኣብ ኢጋ ምዝዛም ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ኣብ 1974 ምስ ዕዮ ትርጉም ዝተላለየ ተኪአ ተስፋይ፡ ክሳዕ ሕጂ 12 ናይ ትርጉም፡ ክልተ መዝገበ ቃላት፡ ሓንቲ መጽሓፍ መጽኢታ ሰዋስውን ስነጽሑፍን ሓንቲ ድማ ታሪኽ ህይወቱ ዝገልጽ መጻሕፍቲ ኣሕቲሙ። ንዝበዝሕ ካብቲ ኣቐዲሞም ዝዘርኣም ዕዮታት ዳግማይ እናኣመሓየሸን እናኣስፍሐን የሕትሞ ከም ዘሎ'ውን ገሊጹ።

“በለጽ ደኣ ከይመስል'ምበር፡ ዝዝረፈ ዕማም ንኸትዓመልና ዕድመን ጥዕናን ንምጸልኒ” ዝበለ ሕትመት ሕድሪ፡ ካልኣይ ቅጺ ታሪኽ ህይወት ተኪአ ተስፋይ




ተወዲኡ ኣብ ቀረባ ክትሕተም ምኻና ብምጥቃስ፡ እታ ሳልሰይቲ ኣብ ምድላው ከም ዘላ ሓቢሩ።

## ዘይበሊ ወኒ

“ብጺዩቲ ቸቸ ሓቀይ፤”
“ሰላም፡ መን ክብል፤”
“ኣይትፈልጥንን ኢኺ። ኣነ ግን ንዓኺ ክይሊ ኣስመራ ክልተ ኣስመራ'የ ገይረያ።”
“ናይ ደሓን ደኣ፤”
“ተላኢኺ፡ ምሳይ ንዝ ክወስደኪ መጺአ።”
***

ማማ፡ “ግድን ደሊኺ ርኹበለይ!” ንዝበለትኒ መሓዝአ ከፍዲ፡ ካብ ትካል ናብ ትካል እናኣጣየቐኩ ክፍትሽ ድሕሪ ምውዓል፡ ኣብ ኢጋ ተሰፋ ምቝራጸይ ንበጺዩቲ ቸቸ ኣብ ማእከል ከተማ፡ ኣብ ሓደ እንዳ ስእሊ ብፊተይ ስለ ዝረኣኹዋ፡ ድኻመይ ክበንን ተፈለጠኒ። ብህድኣት ናብቲ ትካል ኣትየ፡ ነታ ሰራሕተኛ ቅዳሕ ናይ ሓንቲ ካብ'ተን ተሰቒለን ዝረኣኹወን ኣሳእል ኣዳልያ ክትዕሽገለይ ሓብርኩዋ። ክሳዕ ዝሓተትትኩዋ እተዳልወለይ፡ ምስታ ቀንዲ መምጽኢት ጉዳየይ ዝበረት ብጺዩቲ ከዕልል፡ ፍንትት ኢለ ናብኣ ገጸይ ቀረብኩ።

ብስእሊ'ምበር ብኣካል ተራኺብና ስለ ዘይንፈልጥ፡ ብምንታይ ዕላል ከም ዝጅምር ሓርቢተኒ። “ዝወለደት ትውለድ!” ብምባል፡ ምሳይ ንዝ ክወስዳ ከም ዝመጻእኩ ነገርኩዋ። ኣዘራርባኡ፡ ቁመናኡ፡ መልክዓን ፍሽኽታኣን ልክዕ ከምታ ማማን ባባ ኣለምሰገድ ተሰፋይን ዘዕለሉኒ ኮይኑ ረኺበዮ። ኣብ ክሊ ዕድመ 22 እትርከብ ድልድልቲ፡ ሓጻር፡ ኮርዳድ ጸጉሪ ርእሳ፡ ቀያሕ፡ ከቢብ ገጽ ዘለዋን ፍሽኽ እንክትብል ብርኽ ዝበለ ቀሎ ስኒ እትውንንን መንእሰይ ምኻና ኣስተብሂለ።

“ናብ እንዳ መን ክትወስደኒ፤” ሃንደበታውነት ርእይቶይ ድንብልቕልቕ ከም ዝበላ ንኽትርኢ የማን ጸጋም ኣቋመተት።

“እንዳ መሓዛኺ፣ ዓፊት ኢብራሂም።”

“ዋው! ዓፊት መሓዝየ ብህይወት ኣላ! ጓል እየ ጥራይ ክይትብለኒ!” ብምግራም ካብ ጫፍ ጸፍረይ ክሳዕ ጸጉሪ ርእሰይ ጠመተትኒ። ብርእሰይ ናይ እወታ ምልክት ብምግባር መለስኩላ። “ክንደይ'ዩ ዕድመኺ፤ ካልኣት ኣሕዋትኪ ኣለዉኺ፤ ኣብይ ትነብራ ኣለኺ፤” ከም ዝ ምጺታት ዝኣኸለ'ሞ ግዜ ዝበሃል ዘይብሉ ኣድራጋ ሕቶታት ወርወረትለይ። ኩሉ ነገራታ ሓዲሱንን ተበራሁንን ብፍስሃ መለስኩላ።

“ሕጂ 31 ዓመት መለኣለኺ። ሓንቲ ካብይ ብሰለስተ ዓመት እትንእስ ሓብትን ወዲ 22 ዓመት ሓውን ኣሎዉኒ። ኣብ ከረን ድማ ንነብር።”

“ጠቐላላ እኮ'የ ምእማን ስኢነ ዘለኹ!”

“ሓቅኺ ኢኺ። ቅድመይ ተወሊደኪ ክንሰኺ፡ ብዕድመ ኣነ ካብኺ እዓቢ!” ምስ በልኩዋ ተጠማሚትና ሰሓቕና።

“ምስ ማማኺ ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኢና እንፋለጥ። ብዙሕ ዛንታታት ኣሎና። ኣዕሊላትኪዶ ትኸውን፤” ብሓሳብ ንድሕሪት ከም ዝተመልሰት ካብ ኣዒንታን ምንቅስቓሳታን ክስተብሃል ኣይተሸገርኩን።

“ማማ ብዙሕ ኣይተዕልለትን እያ። ብኣኺ ዘረባ ክትጅምርን ንበዓት ክስዕራን ሓደ ስለ ዘኸውን ብሕቶ ኣየዋጥራን እየ።”

“ሓቃ እንድያ፣ ካብ እንፈላለ ነዊሕ ኮይኑ።” ዝተወዳበረ፡ ክንጽረለይ ዘይክኣለ ስምዒታት ኣብ ገጻ ረኣኹ። ነቲ ዝተፈጥረ ሃዋህው ንምቕያር፡ “ባባ ኣለምሰገድ ግን ብዛዕባኺ ብዙሕ ኣዕሊሉና።” በልኩዋ።

“ኣለምሰገድ ተሰፋይ! እቲ ኣረጊት፤” መንፈሳ ብኡ ንብኡ ተለወጠ። ፈገግታ ፍሽኽታኣ ነቲ መላእ ትካል ኣድመቐ።

“እወ!” ሰሓቐይ ክቆጻጸር ኣይከኣልኩን።

“ከመይ ኣሎ፤ ኣብ እምባልቀ ብዕለት 07 ነሓሰ 1985 ምስ ተረኣኣና ኢና። ምርኻስ ሓዙ ይኸውን እምበር፤”

“ጽቡቕ ኣሎ። ክሳብ ሎሚ ይጋደል። ምርኻስ ኣይሓዘን፣ ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ሸባብ ተቐዪሩ። ወላ ንኣሽቱ ኣዋልድ እየን ንመርዓ ዝሓታኦ።”

“እዋይ ወላሁ እዚ ኣረጊት! ናፊቐዮ!”

“ወላ ንሱ። ኣብ ሓንቲ 'ክልተ ቐነ ኣብ ደፋዓት' እትብል መጽሓፉ ብዛዕባኺ ብዙሕ ጽሒፉ ኣሎ።”

“ካብ ቅድም፡ ፒሮን ወረቐትን ዕጥቁ እየን ነይረን። መጽሓፍ እምበኣር ኣሕቲሙ!” ክሳብ ክንደይ ከም ዝተሓበነት ገሊሑ ተራእየኒ።

“ሓንቲ መጽሓፍ ጥራይ ኣይኮነትን። ኣዝየን ብዙሓት ኣለዋ። መብዛሕትአን ድማ ብዛዕባ ታሪኽ ሃገርና እየን።” ኣነ'ውን ብዛዕባ'ቲ ዝኾነ ተመራማሪ ታሪኽ ሃገርና እዛረብ ብምንባረይ፡ ፍሉይ ባህታ ተሰምዓኒ።

“ሓዳሩ፡ ደቁ ከመይ ኣለዉ፤ ብዙሓት ቈልዑ ወሊዱ ይኸውን'ምበር።”

“ኣይ! ካብ ዝበጽሖ ዓጽሚ፡ ተጋደልቲ ደኣ ኣይብቑጠብ እንድዮም ዝወልዱ። ሓደ ወዲ ኣሎዎ። ሓደ ክንዲ ሽሕ!”

“ኩሎም ዝተረፉ ብጾተይ ከመይ ኣለዉ፤” ቸቸ ናብ ባሕሪ ትዝታ ክትኣቱ ግዜ ኣይወሰደላን። ኣብ ቃናኡ ብዙሕ ዓቕሚ ክየምሉ'ምበር ክፈልጦ ዘይክእል ረቂቕ መልእኽቲ ከም ዝበረ ተረድኣኒ።

“በዚ ወገን ዘሎዉ መቸም ጽቡቕ ኣለዉ። ጽቡቕ ማለት ኣገባብ ስልትን ዕጥቅን ቀዩርካ ምግዳል እንተ ኾይኑ!” መልሲ ክይሃብኩ ክይተርፍ ኢለ'የ መለስኩ።

“ብዛዕባይ ደኣ እንታይ ኢሉ ጽሒፉ እዚ ኣረጊት፤” ንኽንሃገስ ዘወናወን ዝበረ ደማስ ኩነታት ሰዓራ፡ ዕላልና ናብ ዝበሮ ኣንፈት መለሰቶ። ድሮ ዝበረና ናይ ፈለማ ሌላ ስክፍታ በኒኑ፡ ናብ ዲቕ ዝበለ ዝርርብ ኣትየና። ሓሳብታ፡ መልእኽታን ልቦናኣን ምስ ዕድመኣ ዘይዳረግ ብምንባሩ፡ ኣብ ንእሽ ዕድመኣ ዝቐሰሙቶ ተመክሮን ዝሓለፈቶ መስገደላትን ዓቢ መምህር ከም ዝበረ ተገንዚበ።

“ኣብ 1976 ካብ ሱዳን ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ዝመጻእኩ፡ ብዛዕባ ትብዓትኪ፡ ቁመናኽን መትከልክን ጽሒፉ። ብዛዕባ'ታ 'ናይ መውዳእታ ዝተረኣኣናላ መዓልቲ' ዝበልኪያ'ውን ዘኪሩ።”

“ከም ሎሚ እብ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ምኻን ንዓይ'ኳ ነዊሕ ኣይገበረን።”

“ልዕሊ ኩሉ ግን እታ፡ 'ዘይደቅኻ ክትቀብር ኢኻ መጺእካ!' ዝበልክዮ ክሳብ ሎሚ ተሳቒዩ ኣሎ። 'ሓቃ'ያ ቸቸ፡ ደቀይ ቀብረ ካብ ናቕፋ ወጺአ' እዩ ዝብል። ብፍላይ ኣብ ሰሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘጋጠመካ ምስ ሰምዐ. . .” እናተረድኣኒ ድምጻይ ሃጢሙ ኣዒንተይ ፈልፈላ። ቸቸ ከይተሰተብሀለለይ ብምስጋኡ ሕቶይ ሂቦያ ንብዓተይ ደረዝኩ። ካብ መንግሞ ክሕብኣ! “ኣይትንብዒ! ዋጋ ሓርነት'ዩ'ዚ። መንዩ'ኸ ሸምኪ፤” ትብዓታን ሓይላን ኣብ ፍጡር ወዲ ኣዳም ክረኽቦ ሓሊመ'ውን ኣይፈልጥን። “ቸቸ፡ ቸቸ ዐመር እበሃል።” ጌና ምስ ንብዓተይ እየ ዝቃለስ ነይረ።

ብኹልንትናኣ ተማሪኸን ተገሪመን እንክለኹ፡ “ወዲኣልኪ ኣለኺ። ክትወስድያ ትኽእሊ ኢኺ፤” ዝበል ድምጺ ሰራሕተኛ እቲ ትካል ኣብ እዝነይ ዓለበ። ብቕጥታ ናብኣ ብምቕራብ፡ ነታ ከዕልላ ዝጸናሕኩ ስእሊ ሰውእቲ ሓርበኛ ተጋዳሊት ሶማይሽ ገብረወልዱ (ቸቸ) ሓቝፈ፡ ሕሳበይ ከፊለ ወጻእኩ።

**ነጻት (ቸቸ) ዐመር**
**ከረን**



## ኮርናዕ ገጠምቲ

ሱርካ ፍሒረ ክብልዓ

ኣብ መገዲ ኣርብዑ፡
ቦርሳኡ ኣንጠልጢሉ ኣብዛ መንከቡ
ዘጓሕ ዝብል ኣብዛ ወሸጡ'ዝገቡ
ተራ ሰብ ዝመስል፡ ንቕድሚኡ!
እዚ ወዲ እናና፡ ተኪአ ተስፋይ
ኣዝ ቛንቋና ዝሾኣላ ሓልፋይ!

እቲ መዝገበ ቃላትካ ኣብ ጅባኡ ኣእትዩ
ማንም ዘቐጽረካ ብቛንቋ ባዕዲ ወርዚዩ
እቲ ማንም መሰልቶ ሕልፍ ዝበሎካ
ከይተፈለጠ'ውን ጉንጽ ዘበለኩ፡
መን ምኻንካ እንተ ዝፈልጠካ
'ሱርካ ፍሒረ ክብልዓ' ምባሎካ!

ተኪኡ፡ መልክዕ ቛንቋ ከም ሰየ ኣስመራ፡
ንስነጽሑፍና ምኽር ትሓድረላ
ንቛንቋና ምኽር ትሓድረላ
ምኽር ሓዪርካ ኣኽሊል ትኣስረላ፣
ደቂ ኦርወል ኣእቲኻዮም ኤርትራ
ደቂ ማገሎ ኣእቲኻዮም ኤርትራ
ደቂ ዱማስ ኣእቲኻዮም ኤርትራ
ደቂ ኢዛፕ ኣእቲኻዮም ኤርትራ
ሓመዶም ገደሮምዎ ሓመድ ዓድና
ክሳዕ ዝማስሉና ሓደ ስድራ
ኣይንመንምም ኣይመንነዉና።

ተኪአ ተስፋይ፡ ዝተኻኻእ ተሰፋ
ገድር መጽሓፍ ደልዩ ጉርድኻ
'ተሰጠፋ
ወይከ!
ኣፍ ኣውጺኡ ብዝዘረብ ግብሪ
ትሕት ኢልካ ነበርካላ ዕምሪ
ረኣዩኒ ረኣዩኒ ኣይወጽኣካን
ረኣዩኒ እንተ ትብል'ውን
ኣይመኸፍኣልካን
እቲ ምንታይሲ ዘሕብእ
ግብሪ'ብልካኒ።

ካብ ዓቢ'ብሉ ካብ ንእሹቶ
ምርቕ ከብለካ እዝዝንኻ ክፈቶ፤
“ተኪኡ ዝበሉኻ ወሉዲ
ተኪእካሎም ትኸውን ግዲ!
ተኪኤ እትብሉሉ ዘመን ይሃብካ ኮታ
ተካእቲ ክንዝካልካ ከኣ የኽእለና
ጕይታ”።

ግርማይ ኣብርሃም
21/03/2025

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ደሓደጋ ኣሰፋ ፈተዶ፡ ብዓል ቤተይ ኣያብ ባርያጋብር በየነ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብ መጎን ብፍ/በ/መሳል ወረ/ግራዝማች ፍስሃየ በራኺ ዝኾኑ ኣቶ የማነ ፍስሃየ +6ን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ግራዝ/ፍስሃየ በራኺ ዝኾኑ ኣቶ ተወልደ ፍስሃየ +2ን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ፡ ካብ ሰብ ዕዳ ኣቶ ተወልደ ፍስሃየ በራኺ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሳውል ጊላይ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ ንጽህቲ ተስፋሚካኤል ድረር ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ተኸሰስቲ፡ ወረ/ፍ ዘኪየ እድሪስ ኣማን 1.ዓብደልቃድር እድሪስ 2.ፍርዱ እድሪስ 3.ኢብራሂም እድሪስ 4. ዑመር እድሪስ 5.ዓብደልዓለም ኣሕመድ ብኸሰስቲ፡ ወረ/ፍ ዓብዱ ኑር ጣሃ 1.ሶፍያ ዓብደልከሪም 2.ኑር ዓብዱ ኑር 3.ሙና ዓብዱ ኑር 4.ካልድ ዓብዱ ኑር 5.ዓዚዝ ዓብዱ ኑር 6.ሶማር ዓብዱ ኑር ንሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ሰዋረ ቀለታ ሂብቲ፡ ኣቦይ ቀለታ ሂብቲ ሚካኤል ብህይወት እንከሎ ናይ ህያብ ውዕል ገይሩለይ። ንሱ ከኣ 3 ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/10 ጎደና ኣርበኞች ነር ቁ.ገዛ 6 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ወረቐት 105789 መወከሲ ቁ.124979 ዋንነቱ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንዓይ ክኸውን ኑዛዜ ስለዝገደፈ፡ ብውሳኔ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሰለሰ ገብረልኡል ተኪኤ ምባል ተረፉ፡ ሉተሰላሴ ገብረልኡል ተኪኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ትንበት መድሃኔ ኣርኣያ፡ ዓዋይ ሉታይ ወርቅሃ ስበሃተ፡ ሓወቦይ ተኪኤ ብርሃ በየነ ከምኡ'ውን ኣሞይ ከረን ብርሃ በየነ ስለዝሞተ፡ ሓወቦይ ይኹን ኣሞይ ውላድ ስለ ዘይብሎም፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ትንበት መድሃኔ ኣርኣያ፡ ወላዲት ኣቦይ መድሃኔ ኣርኣያ ገብረመድህን ስለዝሞተት፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ወይኒ ተኽለ ደምሳሱ፡ ኣዴና ጸሃይቱ ተወልደመድህን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ወ/ማርያም፡ ኣቡሓጎይ ድረር ሳህሉ ስለዝሞተ፡ 8 ደቁ ምስ ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ረዘት ኣስራት ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍትዊ ኣበበ ኣድሓኖ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

የውሃንስ ዑቕባይ ገ/ሚካኤል፡ ወለድና ቀሺ ዑቕባይ ገ/ሚካኤልን ኣብርሀት ሓጎስን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ መሰ የውሃንስ ተስፋማርያም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሄና ተኽስተ ወልደገርግሽ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ኣስመሮም ኣሰፋው ኣብርሃም ምባል ተረፉ፡ኣስመሮም ኣሰፋው ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍዮሪ የውሃንስ ኣሰፍሃ፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ሃብተ ፍቕረማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ መናል ዓሊ ኢብራሂም፡ ኣደይ ኣልማዝ ኣረፋይነ ስለዝተሰወረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሮማ ተኽለ ኻፍሉ፡ ኣደይ ኣልጋሽ ተኽለገርጊሽ ይሕደጋ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣርሴማ ሰመረ ሃይለ፡ ኣቦይ ሰመረ ሃይለ ክፍለ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጃዝፐ ፓውሎ ጥኮር፡ ኣቦይ ፓውሎ ጥኮር ጃዝፐ ስለዝሞተ፡ ዝሓሊ ለዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ሰምረት ተኽለየውሃንስ መድህኑ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ ጺጋይ ተስፋጽዮን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ቤንሃር ግርማይ ኤልያስ፡ ብወለዱ ኣቶ ግርማይ ኤልያስ ገብረኣብን ወ/ሮ ዘውዲ ትኳቦ በኸተን፡ ስመይ ቤንሃር ግርማይ ኤልያስ ምባል ተረፉ፡ ቤደሉል ግርማይ ኤልያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊሩዝ ሓድሽ ኣስመላሽ ምባል ተረፉ፡ ሸዊት ሓድሽ ኣስመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሃብቱ ብርሃ ጎይትኦም፡ ብወለዱ ኣቶ ብርሃ ጎይትኦም ማናን ወ/ሮ ዑቕበ ተኽለ ገብረእዝጊን፡ ስመይ ሃብቱ ብርሃ ጎይትኦም ምባል ተረፉ፡ ሃብተማርያም ብርሃ ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሓጎስ ብርሃ ጎይትኦም፣ ብወለዳ ኣቶ ብርሃ ጎይትኦም ማናን ወ/ሮ ዑቕበ ተኽለ ገብረእዝጊን፡ ስመይ ሓጎስ ብርሃ ጎይትኦም ምባል ተረፉ፡ የርዳኖስ ብርሃ ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኣስመረት ብርሃ ጎይትኦም፡ ብወለዱ ኣቶ ብርሃ ጎይትኦም ማናን ወ/ሮ ዑቕበ ተኽለ ገብረእዝጊን፡ ስመይ ኣስመረት ብርሃ ጎይትኦም ምባል ተረፉ፡ ከተም ብርሃ ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ዑቕባይ፡ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ቀደሽ ገብረሚካኤል ሃብተ ወኪል ኣቶ ወልደሚካኤል ሃብተ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣቶ ግርማይ ወልደገብርኤል ሰመረ፡ ኣቦይ ወልደገብርኤል ሰመረ ተወልደ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ መሲ ዑቕባሚካኤል ሳሚኤል፡ ብወላዲኡ ዑቕባሚካኤል ሳሚኤል፡ ስመይ መሲ ዑቕባሚካኤል ሳሚኤል ምባል ተረፉ፡ መርሃዊ ዑቕባሚካኤል ሳሚኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ወ/ት ሂወት ቀላቲ ሃብተማርያም፡ ኣቦይ ቀላቲ ሃብተማርያም ክፍለ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ ዑቕባስላሴ ገብረየሃንስ ምባል ተረፉ፡ የርዳኖስ ዑቕባይ ገብረየሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ብስራት ወልዳይ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደብርሃን ሃብተ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ዓንደማርያም ሃብቱ፡ ተኸሳሲ በንያም ተስፋይ ገብረኣምላኽ፡ ናይ ሰሸል ክርክር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ንግስቲ ተስፋዝጊ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ተስፋጼን በኸት ስለዝተሰወረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ሰርጹ ተኪኤ ምባል ተረፉ፡ ፍረወይኒ ሰርጹ ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መርሃዊት ኣሰፍሃ በርሀ፡ ብዓል ቤተይ ወልደሚካኤል ገብረመስቀል ተኽለዝጊ ስለዝተሰወረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ምስጋና ብርሃ የውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ፋርቱና ብርሃ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃለ ገብርሂወት፡ ወድና ኣንገሶም ኣብርሃለ ገብርሂወት ስለዝተሰወ፡ ኣነ ምስ ወላዲቱ ወ/ሮ ሉተኺዳን ወልዳይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ለድያ ተስፋ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሲ ሃብተማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ተኽስተ ሙብራህቱ፡ ኣዝመራ ሃይለ ገብረ ስለዝሞተት፡ ደቂ ሓፍታ 3 ወረስቲ ምኳንን ብዓል ቤታ ነ/ሄር ኣሰፍሃ በራኺ ድማ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተወልደ ተኽሉ፡ ተጸዋዒ ተኽለማርያም ጽድዓይ፡ ናይ ልቓንሳ ንግዲ ፍቓድ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ፊሸን ሰምኦን፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ጥዑም በየነ ስለዝተሰወረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓሉ ድማ ወራሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክፍሎም በርሀ ጎይትኦም፡ ሰም ኣደይ ሂወት ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ኣማረሽ ገብረስላሴ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

መረስዕ ገብረእግዚኣብሄር ገብሩ ምባል ተረፉ፡ ናህሰናይ ገብረእግዚኣብሄር ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

መሓመድ ዑመር ሽሓም ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዑመር ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ርግኣት ተወልደ ገብረመስቀል፡ ተኸሳሲ የማነ ነጋሽ ገብረገርግስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።



### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቓታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ፋንኤል ጸጋይ ተኽለ ምባል ተሪፉ፥ ሰለሙን ጸጋይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ የርዳኖስ ተስፋይ ተወልደ፥ ተኸሳሲ ኣቶ የናስ የውሃንስ ኪዳነ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኢልሳ ሳህለ ሃብተኣብ፡ ኣቦ ደቀይ ኣብርሃም ዘሚካኤል ምስዮና ስለዝተሰወኡ፥ ሕጋዊት ብዓልቲ ቤቱ ኤደን ምናሴ መንግስቱ ምስ 8 ደቁ ሕጋውያን ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ስምረት የማን መሓሪ ምባል ተሪፉ፥ ስመረ የማን መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ፍትሓዊት ከሰተ ሳህለ ምባል ተሪፉ፥ ስምኦን ከሰተ ሳህለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ብርዝፍ ዘርኣጽዮን መሓሪ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሓገስ በርሀ ኪዳነ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ወ/ሮ ፍዮሪ ገብረእየሱስ ዓንዱብርሃን፥ ኣቦይ ገብረእየሱስ ዓንዱብርሃን ሚኢተልካ ስለዝዓረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ይርግኣለም በየነ ገ/ሚካኤል፥ ተኸሳሲ ሃይለ ቀሺ ወልደገብርኤል፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ብርኽቲ ገብረ ደስታ፡ ብዓል ቤተይ ፍትዊ ደስታ ገብረየሱስ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሃብተም ገብረሂወት በርሀ ስም ኣደ ናይ ት/ዕድመ ወደይ ሰለሞ ተኽለብርሃን ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፥ ሰለሞዊት ተኽለብርሃን ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ሸዊት ዳዊት ኣለም፡ ብዓል ቤተይ ሳድስ ተኽለ ህብትዝጊ ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ተኽኣ ተኸስተ ኣድሓኖም፡ ወደይ ረዘነ ፈረደ መኣዝጊ ስለዝተሰወኡ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ኣብርሄጼን ጉብረብርሃን፥ ኣቦ ደቀይ ኣቶ ርእሶም መብራህቱ ካብ 2006 ደሃይ ስለዘይብሉ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ክፍለዝጊ ዘርኣ ጋይም ምባል ተሪፉ፥ ፊልሞን ዘርኣ ጋይም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ትዕበ መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ወልደትንሳኤ ተኽለ ቀለታ ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ለምለም ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ክፍላይ ቴድሮስ ጉብሩ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ግዴና ሳልሕ ዓብደላ፡ ብዓል ቤተይ ሃብቱ ኣድሓኖም ፋደጋ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ተስፋኣለም ተስፋገርግሽ ሃይሉ፡ ኣደይ ዑቕበት ግደ ንርኣዮ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ቴድሮስ ኣርኣያ ኣብዶ፡ ብሕጋዊት ወኪል ወ/ሮ ኣዜብ ተኽለማ፡ ኣቦይ ኣርኣያ ኣብዶ ሓደጉ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ዳንኤል ባህልቢ ደኪኑ፡ ሓትነይ ሄቤል ዘርኡ ፍቕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 7 ደቂ ኣኮይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ፋጥማ ፍቕ መሓመድኑር ምባል ተሪፉ፥ ፋጠማ ፍቕ ሐመድ ኖር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

የርዳኖስ ኣቢይ ተስፋጽዮስ ምባል ተሪፉ፥ የርዳኖስ ኣብደ ተስፋጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣሕመድ መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፥ ኣሕመድ መሓመድዓሊ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

እድሪስ መሓመድ ዑመር ምባል ተሪፉ፥ እድሪስ ማሕሙድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ሂወት ወልደዝጊ ከተማ፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ሮማ ዳዊት ዒሳ ምባል ተሪፉ፥ ሮማ ዳውድ ዒሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ለተሂወት ረዳኢ ዑቕባይ፥ ስም ጓለይ ኣክራም መሓመድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፥ ኣክራም ማሕሙድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ዑስማን ሓሰን ኢብራሂም፡ ብወከሉ ኣብሉ፥ ስመይ ዑስማን ሓሰን ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፥ ዑስማን ሓሰን ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ዳንኤል በርሀ ሃይለ ምባል ተሪፉ፥ ፋንኤል በርሀ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ተስፋይ መሴ ሞኣዝጊ፥ ኣደይ ፍቓዱ ሓይለሚካኤል ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣንስር መሓመድ ኣደም ምባል ተሪፉ፥ ኣንስራ መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሰሌማን ማሕሙድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፥ ሰሌማን ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣክራም ሰራጅደን ዑስማን ዓሊ ምባል ተሪፉ፥ኣክራም መሓመድሰራጅ ሰሌማን ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ እምኑት ደብዙት እድሪስ፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ትንሰኤው ሰለሙን ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

ፋጥና ኣደም መሓመድ፡ ስም ን/ሄር ኣደይ ኣምና ኢድሪስኡር ምባል ተሪፉ፥ ኣምና ኢድሪስ ዓሊሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ጸገዞና መሓሪ ከልብ ምባል ተሪፉ፥ ሃንሱ ክፍለዝጊ ኣሰረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ት/ዕድመ ነጃት መሓመድ ፈረጅ ምባል ተሪፉ፥ ነጃዋ መሓመድ ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሉኡላ ኣማኑኤል ድራር፡ ኣደይ ቅዱሳን ጉብሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲት ተተካኢ 1 ውዳ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ኤደን ሃብተሚካኤል ኣፈወርቂ ምባል ተሪፉ፥ ዳናይት ሃብተሚካኤል ኣፈወርቂ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሳራ ኀይትኦም ተስፋጼን ምባል ተሪፉ፥ ሳራ ኀይትኦም ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ከሉፍቶ ልጅኣለም ተኽሊት ምባል ተሪፉ፥ ጌፄምን ልጅኣለም ተኽሊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣማን ጉብረብርሃን የማነ ምባል ተሪፉ፥ ኣማኑኤል ጀማል ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ገነት ወልደናፋኤል ምባል ተሪፉ፥ ንግስቲ ጉብረብርሃን የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ቤንሁር ድራር ክፍለም ምባል ተሪፉ፥ ኖህ ድራር ክፍለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

---

ኣመልካቲ ኣነ ሶፍያ ኣሕመድ ሳልሕ ዝተበሃልኩ፥ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 119 ፕሎት 66 R ፓርሰል A ብዘሐ ክፍሊ 3 ሓጋዚ 1 ብቑጽሪ ንብረት 019390 ብዕለት 18/2/2025 ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ክተሓልልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተደኣ ሃልዩ፥ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ይግባኣይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተር ይቐረብ። ዝቃወም ምስ ዘይህሉ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ ይሕበር።

ወኪል ሓሰን ኣሕመድ ሳልሕ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጸጸራት፥ ኣብ ዓዲ ቤት መኻእ ብስም ተስፋይ በርሀ ኣስፋሃ ዝፍለጥ መንበሪ ገዛ፥ ብASD00048502 ብASP00031026 ዝፍለጥ፥ ኣብ ዚፕ 184 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስፍሓቱ 141.00 ት/ሜ ፥ 4ቀንዲ ክፍልታት ምስ 3ተሓጋዚ ክፍልታት ዘጠቓልል፥ ስለዝዕደግናዮ'ሞ ናብ ዋንነት ስምና ከመሓልልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተኣወጀሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታዮ ዞባ ማእከል የቕርብ። ዝቃወም ምስ ዘይህሉ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ክፍላይ የማነ ኣስፋሃ +1

---

ብስም ኣቦና ወልደየውሃንስ ገብረዝጊ፥ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 119653 መወከሲ ቁጽሪ 118802 ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ጎደና ፈንቅል 1A194 ቁጽሪ ገዛ 28 ክፍሉ ብውህብቶ ስለዝተዋህበና'ሞ ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፥ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኤልሳ ወልደየውሃስ

---

ኣነ ሰለማዊት ወልደሚካኤል ተስፋዝጊ ዝተበሃልኩ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቀሓውታ ፕሎት 28 ፓርሰል F ዚፕኮድ 1A713 ጎደና 711-8 ቁጽሪ ገዛ 44 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፥ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት BRASM016082/1 ብስመይ ብስም ወ/ሮ ኣበባ ተስፋጽዮን ዓንደሃይማኖት ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛና ወ/ሮ ኣበባ ተስፋጽዮን ዓንደሃይማኖት ነቲ ናታ ብጽሒት ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ፥ እቲ ብጽሒተይ ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተር የቕርብ።

ሰለማዊት ወልደሚካኤል ተስፋዝጊ

# ሽባብ

ሃማመተኤ







# “ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት!”

## ሃገራዊ ምርኢት ምህዞን ሰንዓትን 21–22 መጋቢት 2025

ግብራዊ መዓላ ሳይንስ መሰረት ዘመናውነት'ዩ እንተ ተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ሳይንስ፡ ኣብ ኵሉ ሸነካት ህይወት ዝተኻተተ መተካእታ ኣልቦ ኮይኑ ዘሎ ፍልጠት እዩ። ሎሚ ኣብ ብዙሓት ምዕቡላት ሃገራት ዓለምና ሳይንስ ምምሃር ከም እምነት'ዩ ሰሪጹ። ብፍላይ ድማ ህጻናት፡ ካብ መባእታ ዕድመኦም ኣትሒዞም፡ ብኣላያ ወለድን መማህራኖምን ዓለም በጺሓቶ ንዘላ ደረጃ ሳይንስን ተክኖሎጂን ክላለዩ መድረኽ ይጠልብ ኣሎ። ብሕልፊ ክሳብ 38 ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት፡ ሓድሽ ነገር ናይ ምፍጣርን ምብልሓትን ክህሎት ከም ዘውንኑ፡ ዝተኻየደ መጽናዕትታት ይገልጽ። ነዚ መንእሰያት ዘውንኑዎ 'ክገብር እየ' ዝብል ተበላሓቲ ኰነተ-ኣእምሮ ክጥቀምሉ ባይታ ዝፈጥር መደብ ምውዳድ እምበኣር ኣድላይነቱ ጉሉሕ እዩ። ሕብረተሰብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ፡ ኪንዮ ኣህላኺ ዝሸመት ፍልጠት ምኽን ድሒኑ፡ መበቆላውነት ዘለዎ ሳይንሳዊ ምህዞታት ኣብ ኣፍራዪ ደረጃ ክድይብ ክኽእል ኣለዎ። ሰውራ ኤርትራ፡ ካብቲ ኣብ ታሪኽ ጕሊሑ ዝረኣየሉ፡ እቲ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ዘወነኖ ናይ ምህዞን ሰንዓን ንጥፈታቱ እዩ። ኣብ ትሕቲ ቈጻል ኣግራብ ኮነ ትሕተ-ምድሪ ድፋዓት ዝሰላሰል ዝነበረ ናይ ምህዞ ዕዮታት ክዕዘብ ዝኽኣለ በጺሑ፡ ከይተገረመ ኣይተርፍን ምንባሩ፡ ከም ሰነድ ኣብ በበይኑ ቋንቋታት መጽሓፍቲ ባዕዲ ሰፊሩ ንረኽቦ።



ኣቶ ሳምሶን ክፍለ

እዚ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ዝጸንሐ ባህሊ ሓርኰትኮት ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ሎሚ ኣብዞም ውልዶ ሰሪጹ ክትዕዘብ ካብ ምኽኣል ዝዓቢ ዘሐጕስ የለን። ተልእኾ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ “ብኹለንትናኡ ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ ምህናጽ” እዩ። ምህናጽ ብኹለንትናኡ ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ ድማ ብኣካል ዝደልደለ፡ ብኣእምሮ ዝበሰለ፡ ብዲስፕሊን ዝተሃንጸ፡ መንነቱን ታሪኹን ዝፈልጥ፡ ብባህሉን ክብርታቱን ዝሕበን፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ዝዕቅብን ዘደልድልን፡ ንሃገራዊ ረብሓታት ዘቐድም፡ ኣብ መኸተን ልምዓትን ሃገር ብንጥፈት ዝሳተፍ፡ ኣብ ነብሱ ዝተኣማመን፡ መሃዚ፡ ተመራማርን ተበላሓትን መንእሰይ ምህናጽ የጠቓልል። እዚ ሎሚ ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት (ጁኔር ክለብ ነበር) ዝካየድ ዘሎ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ሓደ ንጥፈት ናይቲ ብቓጻሊ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ንጥፈታት እዩ።

“መሃዝትን ሰናዕትን መንእሰያት ብምህናጽ፡ ኣብ ምውሓስ ዝበረኸን ዘላቕን ማሕበረ-ቍጠባዊ ልምዓት ሃገርና ወሳኒ ግደን ኣበርክቶን ከም ዝህልዎም ምግባር'ዩ፡” ናይ ዝብል ዓቢ ራኢ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ኣካል ዝኾነ ናይ ሎሚ መደብ፣ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ጸገማት ሕብረተሰቦም ክፈትሑ ተበግሶኦም ዘንጸባርቐሉ፡ ተዋህሊሉ ዝርከብ ፍልጠት ደጋዊ ዓለም ናብ ጕደና ምዕባለን ለውጥን ህዝቦም ዘማእዘኑዎ ፍርያቶም ዘቐረቡሉ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣሎ።

መንእሰይ፡ መንእሰይ ካብ ዘስምዮ ነገር፡ ምውናን ዓቢ ሕልሚ እዩ። ኣብ ፈለማ ኣዝዩ ከቢድ ወይ ዘይብጻሕ ንዝመስል ሕልሙ፡ ህይወት ንኽፈጥረሉ ኣብ ፋሕተርተር ይጽመድ። ሕልሙ ኪንዮ ውልቃውነት ዘሊሉ፡ ኣብ ማሕበረ-ሰቡ ንዝኽሰት ሕጽረት መፍትሒ ዝኸውን ሓሳብ ምስ ዝሓቍፍ ድማ ሓላፍነታዊ ይገብሮ። ተልእኾ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት፡ ማሕበረ-ቍጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ብብልሓትን መሃዝነትን ኣብ ምፍታሕ ዝተግሁ መንእሰያት ምህናጽ እዩ። እዚ ሎሚ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ኣዳራሻት ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ተሓቝፉ ዘሎ ዕምቈት ሓሳባት፡ ካብቲ ንዕዱማት እምብዛ ክምስጥ ጀሚሩ ዘሎ ምርኢት እዩ። ኣብ ሕርሻዊ መዓላ ውዒሉ ምህርቲ ኣብ ምኽዕባት ዝሕግዝ ዓበይቲ ማሽነሪታት፡ ምንጪ ጽላት ተተካኢ ጸዓት ዝቕጥብ ፍርያት፡ ስሉጥን ብርኩትን ምድላው ምህርቲ መግቢ እንስሳ፡ ምህዞታት ሰብ ሰርሖ ብልሒ (AI)ን ካልእን ዝዳህሰሰ ትሕዝቶ ኣካቲቱ ኣሎ።

ኣብዚ ኣብ ከባቢ ሰዓት 10 ቅድሚ ቀትሪ ዝተኸፍተ ናይ ምርኢት መደብ፡ ምኒስተራት ዝተፈላለየ ሚኒስትርታት ሃገርና፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፡ ሓለፍቲ በበይኑ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ወለድን ተመሃሮን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፡ ኣቶ ዩሱፍ ሳይቕ ሓላፊ ውዱባዊ ጕዳያት ህግደፍ ነቲ መደብ መሪቑ ከፊቱዎ። ብምቕጻል፡ ዕዱማት ኣጋይሽ ንዝተዳለወ ዝተፈላለየ ምህዞ ሓደ ብሓደ ብምዅላል ካብ መሃዝቱ መብርሂ እናተዋህቦም ተዓዚቦሞ።

እዚ ብሃማመተኤ “ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት” ብዝብል ቴማ ኣብ ማእከል ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት፡ ካብ ዓርቢ 21 ክሳብ ቀዳም 22 መጋቢት ንኽልተ መዓልታት ንምርኢት ክፉት ዝኾነ መደብ፡ ኣስታት 95 ተሳተፍቲ ኣብ በበይኑ መዓላ ዝውዕል ትሕዝቶታት ቀሪቡ ኣሎ። ኣብዚ እቶም 48 ኣብ ናይ ዓበይቲ ምድብ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ 47 ተወዳደርቲ ድማ ኣብ ናይ ንኣሽቱ ምድብ ትሕዝቶኦም ንበጻሕቲ የላልዩ ኣለዉ። ኣብ ምድብ ዓበይቲ፤ ካብ ዞባ ደቡብ 3፡ ዞባ ዓንሰባ 3፡ ዞባ ጋሽ ባርካ 4፡ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ 2፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 8፡ ዞባ ማእከል ድማ 28 ተወዳደርቲ ፍርያቶም ኣቕሪቦም።

ምስጢር ምዕባለ ምህዞ ደቂ ሰብ፡ ትውንኖ ጥበብ ሓድሕድ ኣብ ምልውዋጥ፡ ዝተረፈ ዕዮ ናብ ምሉእነት ንምብጻሕ ብዘለካ ፍልጠት ቀጺልካ ምዝዛሙ እዩ። ሓሳብ ከተንቅል ከቢድ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ሓሳብ ስጋ ክለብስ ምስራሕ ድማ ዓቕልን ዝያዳ ፍልጠትን ዝሓትት ጕዕዞ እዩ። ነዚ ሎሚ እዞም መንእሰያትና ዝፈለሙዎ ስርሓት ምህዞን ሰናዓን፡ ዝተረፎ ዝኽንዛዝሞ፡ ዝሓጸሮም ክንምልእ፡ ዘጸግሞም ድማ ክንፈትሕ... ኮታ ኩልና ኣብ ዕዮታቶም ኣሰር ክንውስኽ ክንሕተት ኢና።

“ሕብረተሰብ ሃገር እዋናዊ ብድሆታቱ ዝፈትሕ ወይ ዕለታዊ ንጥፈታቱ ብግቡእ ንኸሰላስል ዝሕግዝ ምህዞ ክቀርብ ክትዕዘብ ዓቢ ተስፋ ዝፈጥር፡ ኣብዚ ናይ ልምዓትን ገስጋስን መድረኽ ኣገዳሲ ክተባባዕ ዘለዎ መደብ'ዩ፡” ተኻፊልቲ ናይዚ መደብ ምስ ተወከስናዮም ዝሃቡና መልሲ እዩ። ካብ ኣብያተ-ትምህርቶም ብኣልያ መማህራን ናብቲ መደብ ዝተጸንበሩ ተመሃሮ ብወገኖም፡ “‘ንሕና እውን ካብ ሕጂ ኣትሒዝና፡ ‘ኣብ መጻኢ ንምርኢት እነቕርቦ ምህዞ ክህልወና ኣለዎ፡’ ዝብል ተስፋ ዘለዎ ሕልሚ ክፈጥረልና ዝኽኣለ ኣጋጣሚ እዩ፡” ብምባል ብወገኖም ዝፈጠረሎም ስምዒት ኣካፊሎሙና።

ቃል ኣሳናዳኢት ኮሚተ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን 2025 ዘቕረበ፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶን ክፍለ፡ ሰላምታ ብምቕዳም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ “ብኣጋጣሚ ናይ ሎሚ ዓመት ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን መላእ ሕብረተሰብ፡ ስድራቤት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መንግስታውን ብሕታውን ትካላት፡ ህዝባውያን ማሕበራትን ካልኦትን በብሸነኾም፡ ምህዞን ሰንዓን ዘተባብዕ ሓሳባትን ሓሰብትን ንምስሳን ዝሕግዝ ባይታ ክፈጥሩ ሃማመተኤ ይጽውዕ፡” ድሕሪ ምባል፡ ንኹሎም ኣብ ምዕዋት እዚ መደብ ኣበርክቶ ዝገበሩ ትካላትን ውልቀሰባትን ኣመስጊኑ።

እዚ “ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ዓርቢ ዕለት 21 መጋቢት ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት (ጁኔር ክለብ ነበር) ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን፡ ክሳብ ቀዳም 22 መጋቢት ሰዓት 6 ድሕሪ ቐትሪ ንኹሉ ተዓዛቢ ክፉት ኮይኑ ክጸንሕ እዩ። ብደሓን ምጽኡ!

ፍረህይወት ዳኒኤል









# መዘነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ተበግሶን ዓወትን

ዓወት፡ ናይ ህይወት ዕላማ'ዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ክዕወት ይደሊ'ዩ፡፡ ነፍሲወከፍ ሰብ፡ ህይወት ካብ እትህቦም ነገራት ኣቲ ዝበለጸ ነገር'ዩ ዝደሊ፡፡ ኣብ ውድቀት ወይ ኣብ ትሑት ደረጃ ምንባር፡ ወይ'ውን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ህይወት ክሰርዕ ዝደሊ የለን፡፡ ሓደ ካብ'ቶም ዓወት ዘምጽኡ ተግባራውያን ጥበባት ድማ ምእማን እዩ፡፡ ብእምነት፡ ዝኾነ ነገር ክግበር ይከኣል እዩ፡፡ "ኣነ እወታዊ'የ፡ ኣነ እኽእል'የ ወዘተ" ዝብል ኣረኣእያ፡ ኣቲ ሓይሊ መተግበሪ ዝኾነውን ክእለትን ዓቕምን የበግስ፡፡ እንተ ደኣ "ክገብሮ እኽእል'የ" ኢልካ ኣሚንካ፡ ተበግሶ'ዩ ዝሓትት፡፡ ኣብ ህይወት እቲ ዝበለጸ ጥራይ እዩ ናብ ዕላማኡ ዘብጽሕ፡፡ ምብጋስ ግን ብዙሕ መልከዓት እዩ ዝሕዝ፡፡ ምብጋስ ምስ ምንቅስቓስ ብምትሕሓዙ፡ ንቕሎን ጉዕዞን ብኣካላዊ ርሕቀት ጥራይ ክርአ የብሉን፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ዝዓበየ ምብጋስ ሓሳባዊ ስለዝኾነ፡፡ ሰብ ብሓሳብ ወይ ብኣእምሮ ምስ ዝቕይል፡ ብኣካል ክበጽሕ ኣብ ዘይሕሰብ ደረት ክረግጽ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ'ዩ ኸኣ ተበግሶ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወትና ወሳኒ ዝኾነን፡፡ ሰብ ንኽሰጉም፡ ንኽምዕበል፡ ንኽልወጥን እቲ ቀዳማይ ዘድልዮ ስጉምቲ ተበግሶ ምውሳድ እዩ፡፡ ተበግሶ ዘይምውሳድ፡ ኣብ ሓደ ደረጃን ቦታን ይሓጽረካ ጥራይ ዘይኮነስ ትሕተ'ቲ ኣብ ሓደ እዋን ዝበርኾ ኩነት ዘውርድ እውን እዩ፡፡ ስለዚ፡ ተበግሶ ዘይምውሳድ ዘይረኣኻዮ ወይ ዘይተመኮርካሉ ብሉጽ ዕድል ከም ምጥፋእ እዩ ዝርኦ፡፡



ዘለናዮ ዘመን፡ ዘመነ ሓበሬታ ብምዃኑ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ብቐሊሉ እልቢ ዘይብሉ ሓበሬታ ዝርከበሉ'ዩ፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ጸቡቕ ተበግሶ ምውሳድ፡ ልዑል ህንጡይነትን ፍቕሪ ስራሕን ምህላው ዝበሉ ኣብ ዓወት ዘብጽሑ እወታዊ ኣተሓሳስባታት፡ ብተደጋጋሚ ክልዓሉን ክዝረበሎምን ይሰምዕ እዩ፡፡ እንተ'ኾነ፡ እዚም ንህይወትና ወሳኒ ሓሳባት ብሸኺ፡ ምሓር ምድግጋምም፡ ከም ተራ ዘረባታት ክውሰዱን ሸለል ክበሃሉን'የም ዝርአዩ፡፡ በዚ ኸኣ ኣብ ዓወት ምብጻሕ፡ ኣጸጋሚ ይኸውን ኣሎ፡፡

ቀጺልና'ምበኣር፡ ዕዉት ህይወት መታን ክንመርሕ፡ ኣብ ስራሕ ጸቡቕ ተበግሶ ንምውሳድ ዘኽእሉና ነጥብታት ክንርኢ፡፡ ንሱብ ተበግሶ ክወስድ ዘኽእልዎ ሰለስተ ነጥብታት ከምዝለዉ፡ ክኢላታት ይሕብሩ፡፡ ንሳቶም ከኣ፡ ርእሰ-ምትእምማን፡ እወታዊ ኣተሓሳስባን ትዕግስትን እዮም፡፡

- ርእሰ-ምትእምማን ዘለዎም ሰባት ንፍጻሜት ዘይከኣል ዓወት ንኽረኽቡ'የም ዝሰርሑ፡፡ ነገራት ስጉምቲ ክይወሰድካሎም ትም እንተኢልካ ግን፡ ንፍርሕኻ'የም ዘጋድዱ፡፡
- እወታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዝህልወና፡ ተስፋ ከይቑረጽና ክንጽዕር ስለዝኽእልና፡ ናይ ምዕዋት ተኽእሎና ዝዓበየ ይገብር፡፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ኩሉ ጸዓቱ ጸጸቢቑ እናሓሰበ እዩ ዘውጽኦ፡፡ ወጽኢት ጸዕሩ ከኣ፡ ናብ ውሑስ መደምደምታ የብጽሖ፡፡
- ትዕግስቲ፡ ሒዝካ ብህድኣት ንዕላማኻ ክትጽዕርን ናይ ምብህሃል ክእለትካ ክተመሓይሽን እቲ ዝሓሸ እዩ፡፡ ንሓራቕ ባህሪኻ ኣብ ሓጺር ግዜ ክትኣልዮ ምፍታን፡ ፍትሓቱ ገጽ ክህልወካ፡ ናይ ሰባት ርእይቶ ክትሰምዕ ምኽኣል፡ ኣብ እተዘውትሮ ምብህሃል፡ ልዙብ ቃላት ምጥቃምን ንኽልኣት ናይ ምዕባል ባህሪ ምውጋድን ወዘተ፡፡

እዚኣቶም፡ ኣብ ስራሕ ኩሉ ግዜ ጸይቲን ኣተግበርቲን ከም እንኸውን ይገብሩና፡፡ ብልጫ ናይ ከምዚ ዓይነት ሰብ ከኣ ቅድሚ ምብጋሱ ዝበጽሖ ዕላማ ኣሺሩ ዝፈልጥን ኣቲ ኪጋጥም ዝኽእል ብድሆታት ድሉው ኩይኑ ዝጸንሕን እዩ፡፡ ከዚ ኣብሊኡ እዚ ምስ መዓልታዊ ንጥፈታት ኣተኣሳሲርና ምስ እንርኢ፡ ሰናይ ዝምድና ክንፈጥር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕ ፍሉይ ምኽርን መምርሕን ክህቡኻ ዝኽእሉ ሰባት ከተለልን ንተበግሶ ክትተብዕን ክትዕወትን የኽእል፡፡ ንስራሕ ካብ እንዕቅጽሎም መማዝያታት ሓደ፡ ግዜ ስለዝኾነ፡ ተበግሶና ኣብ ግዜኡ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ተግባራትን ሓሳባትን ምስ ግዜ መልክዕን ትርጉምን ክቕይሩ ስለዝኽእሉ፡ እንወስዶም ተበግሶታት ምስ ግዜ ክሳነዩ የድሊ፡፡ ኣጉዳሲት ግዜ፡ 'ቅኑዕን ዘይቅኑዕን' ኣብ ምፍላይ ጥራይ ዝሕጸር ኣይኮነን፡፡ ተበግሶ ኣብ እትወስደሉ ግዜ፡ ካብታ ዝተበገስካላ ክሳብ'ታ እትዛዘመላ እዋን ዘሎ ርሕቀት ክትግምት ይግባእ፡፡ ስለዚ እምበኣር፡ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ፍረ-ጻዕርኻ ንምርካብ ንብድሆታት ምጽማምን ምዕጋስን የድሊ፡፡

## ካብ ፍሉጣት ፊርማታት

ፊርማ(ክታም) ናይ ሓደ ሰብ ማለት፡ ስም ይኹን ምልክት፡ ብኣዝዩ ፍሉይን ፍሉጥን ኣገባብ ዝጸሓፍ ኮይኑ፡ ከም መለለዪ መንነት የገልግል፡፡ ፊርማ ኣብ ህይወት ዓቢ ተራ'ዩ ዝሕዝ፡፡ ዓሚቕ ትርጉም ድማ የንጸባርቕ፡፡ ብቐርጺ ክብን ርብዕ ኩርናዕን'ዩ ዝገልጾም፡፡ ቅብኣታት ፒካሶ፡ ዝያዳ ብስሞም ዝፈልጡ ርዝን ሕብርታት ዘይኮኑ እዮም ነይሮም፡፡ እቲ ኣብ ስእልታቱ ዝጥቀመሎም ዝበረ ቅርጽታትን ሕብርታትን ከኣ፡ ምስ ህይወቱ ተዛማዲነት



ፊርሙ ንክእለት ክፉል ባህርያት ናይ'ቲ ዝፈረመ ሰብ ክገልጸ ይኽእል፡፡ ፓብሎ ፒካሶ፡ ኦፕራ ዊንፍሪይ፡ ዋልት ዲዝኒ፡ ኣልበርት ኣንስታይን፡ ሚካኤል ኣንጀሎ፡ ዊልያም ሼክስፒየር ገለ ካብቶም ኣብ ዓለምና ብፊርማኦም ዝፍለጡ ሰባት እዮም፡፡

- ፓብሎ ፒካሶ

ፊርማ ሰዓሊ ፓብሎ ፒካሶ፡ ንፈጠራውነት ናይ'ታ ቀዳመይቲ ቃሉ 'ርእሰ' ዘንጸባርቕ ምዃኑ'ዩ ዝሕብር፡፡ ፓብሎ ፒካሶ፡ ካብ ወዲ 7 ዓመት ጀሚሩ'ዩ ኣቦኡ ብወግዒ ኣብ ስእሊ ኣምሂሩዎ፡፡ ካብ ወዲ 13 ዓመት ኣትሒዙ ኸኣ ብሉጽ ስእልታት ክስእል ጀመረ፡፡ ፒካሶ ንርእሰ ስእላዊኡ እንተገበረ፡ ኣሽጋሪ ተማሃራይ ምንባሩ ድማ ይንገር፡፡ ብሸኺ፡ ሕማቕ ጠባዩ ድማ ብተደጋጋሚ ናብ ቤት ማእሰርቲ ይኣቱ ነበረ፡፡

ፓብሎ ፒካሶ፡ በቲ ንዓቕን ብብዙሕ መኣዝናት ዝርኣ ቅዲ ስነ ጥበብ ቅብኣን እዩ ብዝያዳ ኣብ ዓለም ዝፍለጥ፡፡ ኣብ ቅርጺ ዝበርኦ ክእለት'ውን ልክዕ ከም'ቲ ኣብ 'ኣብስትራክት' ዝኽተሎ ዓይነት ቅዲ'ዩ፡፡ እቶም ኣብ እዋኑ ብዝያዳ ዝጥቀመሎም ዝበረ ስእልታቱን ቅርጽታቱን ከኣ ብዝያዳ ክህልዎም ከም ዝኽእሉ ብዙሓት ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ይዛረቡ፡፡

- ኦፕራ ዊንፍሪ

እዚ ኣብ ስእሊ እንዕዘቦ ዘሎ፡ ክታም ናይታ ኣብ ዓለም ልዑል ጽልዋ ካብ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ዝኾነት ኣመራዊት ኦፕራ ዊንፍሪ እዩ፡፡ እዚ ብስማ ዝተፈረመ ኮይኑ፡ ንዓይኒ ዝማርኽ ዓይነት ፊርማ እዩ፡፡ እዚ ኸኣ ኣብ ዓለም ካብ'ቶም ተፈላይቲ ፊርማ ኮይኑ ክኢሉ ኣሎ፡፡ ኦፕራ፡ ኣብ እዋን ቁልዕነታ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ እትመላለሰሉ ዝበረት እዋን፡ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ትጥቅስ ብምንባራ፡ 'ሰበኪት' ዝብል ሳጓ ተዋሂብዋ ነይሩ፡፡ ብድሕሪኡ ግን ናብ ዓውዲ ስነጥበብ'ያ ዘምቢላ፡፡ ከም ኣዳላዊት መደብ ዕላል፡ ተዋሳኢት፡ ደራሲትን ወናኒት ሚድያን ኮይና ድማ ትሰርሕ ኣላ፡፡ ዝያዳ ኸኣ ብ'ዘ ኦፕራ ዊንፍሪ ሾው' ዝብል መደብ ትፍለጥ፡፡ እዚ መደብ'ዚ፡ ካብ 1986-2011 ንኣስታት 25 ዓመታት ዝጸንሐ እዩ፡፡ ኦፕራ፡ ኣብ ህይወታ ብዘተግናጸፈቶም ብርክት ዝበሉ ዓወታት፡ ሓበን ብዙሓት ጸለምቲ ኣመራሓውያን ደቂ-ኣንስትዮ ክትከውን ክኢላ እያ፡፡

## ጌጋን ደቂ-ሰብን ...

"ጌጋ ፈጺሙ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ሓድሽ ነገር ፈቲኑ ኣይፈልጥን እዩ" ብምባል'ዩ ኣልበርት ኣንስታይን ዝገልጾ፡፡

ጌጋ መናብርቲ ደቂ ሰብ እዩ፡፡ ይውሓድ ይብዛሕ መን እሞ'ዩ ጌጋ ዘይፍጽም፡፡ ናይ ሓቂ ምኽሪ ካብ ቅኑዕ ጌጋ'ዩ ዝርከብ፡፡ ብጌጋ ተመኪሮ ዘይሓለፈ፡ ጥቡቡ ኣብ ዓወት ክበጽሓካ ኣይክእልን እዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ጌጋ ኣብ ትፍጽመሉ፡ ሓድሽ ትምህርቲ ኢኻ ትቕስም፡፡ ኣብ ፈጠራ፡ ውሳኔ፡ ኣብ ዝምድና፡ ምሕደራ ግዜን ካልኦትን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣል፡፡ ምስ ጌጋ ኣብ እትፋጠጠሉ እዋን እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ዘይምፍላጥ ግን፡ ናብ ዝኸፍአ ጌጋ ከምርሓካ ይኽእል'ዩ፡፡ ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ፡፡ ብኣዝዩ ብዙሕ ጌጋታት ዝተጓብአ ሓንጎል ክትሃንጽ ይከኣለካ'ዩ፡፡ የግዳስ ብኣንጻሩ'ውን ብቕኑዕ ጥራይ ዝተባሕተ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነት ክህልወካ ዘይክኣል ኣይኮነን፡፡ እቶም ዝዓበዩ ሓይልታት ናይዛ ዓለም፡ ቅንዕናን ጌጋን እዮም፡፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ይኹን ውልቀሰብ ብምዃን ከኣ፡ ኣብ ዘቋርጽ ዓውደ-ኩናት ይርከቡ፡፡ ኣተሓሳስባ፡ ናብ ቅኑዕ ወይ ጌጋ መገዲ ከምርሕ ዓቢ ተራ ኣለዎ፡፡ ኣእምሮኻ ብጌጋታት ዝተመልአ እንተ'ኾይኑ፡ ንኹሉ ተግባራትካ ዓብለሉ ጌጋ ንኽትፍጽም ክደፋፍኣካ'ዩ፡፡ ሽዑ ቅንዕና ዘይብሉ ሓሳባት ትሓስብ፡ ዝንብዕ ርድኢት ይህልወካ፡ ኣብ ጌጋ መደምደምታ ትበጽሕን ጌጋ ስጉምትታት ትወስድን፡፡ ብኣንጻር ናይዚ፡ ኣእምሮኻ ብቕኑዕ ሓሳባት ዝተመልአ እንተ'ኾይኑ፡ ብቕኑዕ ሃዋህው ኢኻ ትኸብብ፡፡ ቅኑዕ ርድኢት ስለ ዘለካ፡ ውሑድ ጌጋታት ጥራይ ኢኻ ትፍጽም፡፡ እዚም ቀጺሎም ተጠቒሶም ዘለዉ ከኣ፡ ኣብ ህይወትካ ብኸመይ ጌጋታትካ ተጸዊዕ ዝሕግዙ ሜላታት እዮም፡፡

- ትሰፉው ምኳን፡- ጌጋ ኣብ ዝፈጸምካሉ እዋን ተስፋ ኣይትቑረጽ፡፡ ጌጋ ምፍጻም መውዳእታ ናይ ዝኾነ ነገር ኣይኮነን፡፡
- ብህድኣት ንጌጋኻ ምፍታሽ፡- ኩሉ ክትመሃሮ ዝግበኣካ ካብ ጌጋኻ ተመሃር፡፡ ብድሕሪኡ ብሓድሽ መንፈስ ተበገስ፡፡
- ሕማቕ ስእሊ ምውጋድ፡- ናይ ሕሉፍ ጌጋታትካ ስእሊ-ኣእምሮ ኣይሃልኻ፡፡ ምኽንያቱ፡ ጠንቂ ደፍኢት ዳግማይ ውድቀት ክኸውን ስለ ዝኽእል፡፡
- ንጌጋ ናይ ምብዳህ ውሽጣዊ ሓይሊ ምምዕባል፡፡
- ኣብ ክውንነት ምእማን፡- ንባህርያትካ ብምምሕያሽ፡ ክውንነታዊ ሓሳባት ክትውንንን ክውንነታዊ ስጉምትታት ክትወስደን ይኽእል፡፡
- ፍርሒ ምውጋድ፡- ብፍርሕን ካልእን ዝበገሱ ንሞራልካ ዝጸልዉ ኣተሓሳስባታት ምውጋድ፡፡
- መዓልታዊ ዓወታት ዝምህሩ ጽሑፋት እናንበብካ፡ ውሽጥኻ ምሕያል፡፡
- ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ከም እትሰርሕ እመን፡፡ ናብ ዕብየት ክሰጉም ኣሎ፡ እንተዘይ ኮይኑ ኣኽሊሉ'ዩ ኣይትበል፡፡ ዝበለጸ ጉዕዞ ካብ ምፍታን ኣይተቋረጽ፡፡
- እቲ ዝለዓለ ናይ ኩሉ ግዜ ውልቃ ፈተና፡ "ኣነ ቅኑዕ ሰብ ድየ?" እናበልካ ንነብስኻ ምውካስ'ዩ፡፡ ቅኑዕ እንተ'ኾንካ፡ ነገራት'ውን ቅኑዓት ክኾኑልካ እዮም፡፡



### ጥቕስታት መዛነዩ

- "ምስጢር ንቕድሚት ምኻድ፡ ምጅማር እዩ፡፡" - ማርክ ትወይን
- "ገጽካ ኩሉ ግዜ ናብ ጸሓይ ኣቋምት'ሞ፡ ሽዑ ጽላሎት ብድሕሬኻ ክወድቕ እዩ፡፡" - ዋልት ዊትማን
- "መጻኢ፡ ኣብ'ቲ ሎሚ እትገብሮ እዩ ዝምርኮስ፡፡" - ማሃትማ ጋንዲ
- "ዓወት፡ ንነብስኻ ምፍታው፡ ኣቲ እትገብሮ ምፍታው፡ ከምኡ'ውን ከመይ ገይርካ ከም እትገብሮ ምፍታው እዩ፡፡" - ማያ ኣንጀሎው
- "ጸሓይ ክትብርቕ እንከላ፡ ብዙሕ ሞራል እዩ ዝሰምዓኒ፡፡" - ኢላይን ባስለር
- "ብድሆታት ህይወት፡ ከልምሱኻ ዘይኮኑ፡ ኣቲ ሓቀኛ መንነትካ ክፍልጡኻ እዮም ተፈጢሮም፡፡" - በርናሶን ጆንሰን

# ዛዕባ ሎሚ

## ካብ ዝኽርታት ሓርነታዊ ቃልሲ
### ቴለግራማት ናቕፋ

ኣብቲ ነዊሕን ጽንኩርን ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናቕፋ ማእከል ስሕበት፡ ወራራት ጸላኢን እስትንፋስ ዘይህብ ምርብራብትን ብምዃኑ፡ ከም "ትእምርቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ" እትውሰድ ዕርዲ እያ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ መበል 48 ሓርነት ናቕፋ እምበኣር ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ንሓደ ካብ ፍሉይን ኣገራሚን ፍጻመታት ናቕፋ፡ ዕለታዊ ብዝመሓላለፉ ዝነበሩ መልእኽቲታት ኣብሉ ዝትርኽ "ቴለግራማት ናቕፋ" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ መጽሓፍ ዛንታታት ተሞክሮ ገድሊ ቅጺ 7 – "ናቕፋ" ሕታም 2017፡ ካብ ኣምሓርኛ ናብ ትግርኛ ተተርጒሙ ዝቐረበ ጽሑፍ ንዝኽሪ ጆባኡ ትብል።

ኣብ ክፍሊ ስለያን ምርምርን ህግደፍ (ተራቮሎ) ተዓቂቡ ካብ ዘሎ ሰነዳት መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ "ንሓለዋት ዝመሓላለፉ መልእኽታዊ ናይ ወፍሪን ውግእን ጸብጻባት" (ብዛዕባ የሚተላለፉ የዕለቱ የዘመቻና የውጊያ ሪፓርት) ዝጽሕፎ መዋዕቢቲ ኣሎ። ሓደ ካብቲ መዋዕቢቲ፡ ካብ ዕለት 09/09/1976 ክሳብ ዕለት 22/03/1977 (ኣቈጻጽራ ፈረንጂ) ካብ ቍጽሪ መዝገብ 3/ም/2/4/0001 ክሳብ ቍጽሪ መዝገብ 3/ም/2/4/0214፡ ንኩናት ናቕፋ ኣመልኪቱ ዝመሓላለፍ ዝነበረ ናይ ቴለግራም መልእኽቲታት ኣስፊሩ ይርከብ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ቀጥታዊ ትርጉም ናይቲ ዝተጻሕፈሉ ቋንቋ ኣምሓርኛ ኮይኑ፡ ኣቲ ግዜ ንምንጻር ግን ዕለት መልእኽቲን ሰዓትን ካብ ኣቈጻጽራ ግእዝ ናብ ኣቈጻጽራ ፈረንጂ ተቐይሩ ኣሎ።

ኣብቲ ቴለግራማት ሰፊሮም ዘለዉ ሓበሬታታት፡ ኣብ ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ ናይ 2ይ ክፍለጦር 3ይ ብርጌድ መበል 15 እግረኛ ሻለቃ (ኢጋር ቦጣሊ) ብተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (ህ.ሓ.ሓ.ኤ) ካብ ዝተኸበሉ ዕለት 15/09/1976 ጀሚሩ፡ ክሳብ'ቲ ናቕፋ ሓራ ዝወጸትሉ 22 መጋቢት 1977 ኣብ ዝነበረ ኣስታት 6 ኣዋርሕ፡ ብድምር 186 ግዜ ናይ ከቢድ ብረት ደብዳብ ከምእተፈጸመሉ፡ 28 ግዜ ሓያል መጥቃዕቲ ከምእተፈነወሉ፡ ብሄሊኮፕተር ዝተሰየ ነፈርቲ ውግእ 27 ግዜ ናይ ደብዳብ ሓገዝ ከምዝበርከቱ፡ 125 ግዜ ብፓራሹታት ዕጥቂን ስንቂን ከምዝተደርበየሉ፡ ካብኡ 47 ፓራሹታት ኣብ ቦታ ተጋደልቲን ኣብ ተወረራሲ ቦታን ዓለቡ ብተጋደልቲ ከምእተወሰዱ፡ ሓንቲ ሓደ ሻምበል ዝኾነት ረዳት ኣየር-ወለድ ጦር ብፓራሹታ ወሪዱ ከምእተጸንበሮ፡ ኣቲ ዝተኸበ ሰራዊት ንምድሓን 2 ዓበይቲ ናይ መጠናኸሪን መናገፍን ወፍርታት ተኻይዱ ከምዝፈሸለ የመልክት።

እዚም ኣብ ኣርካይቭስ ሁ.ኢ.ሲ (2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ) ዝተረኽቡ ቴለግራማት፡ ገሊኦም ካብቲ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ዝነበረ ናይ 3ይ ብርጌድ መበል 15 ሻለቃ ጦር ብቐጥታ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ 3ይ ብርጌድን 2ይ ክፍለጦርን፡ ገሊኦም ካብቲ ኣብ ከረን ዝነበረ መምርያ 3ይ ብርጌድ ናብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር፡ ካልኦት ድማ ካብቲ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ኣብዮት ጽሕፈት 2ይ ክፍለጦር ናብ ሓይሊ ምድሪ ኢትዮጵያ (ምድር ጦር ጠቅላላ መምርያ) ናብ ግዝያዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን መላእ ሰራዊት ኢትዮጵያን ዝለኣኹ ዝነበሩ ሓበሬታ መጎልታዊ ውዕሎን ምሕጽንታታትን ዝሓዙ ቴለግራማት እዮም።

እቲ ግዜ'ቲ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ንፈለማ ግዜ ካብ ደባይን ተንቀሳቓስን ወተሃደራዊ ስርሒታት ሰጊሮም፡ ከተማ ንምሓዝ ተበጊሶ ብምውሳድ፡ ኣቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ ክፋል ሰራዊት ኢትዮጵያ ብዝተፈላለየ ማእዝን መጺኦም ዘኸበብሉ እዮ። ናቕፋ ንኣስታት ሸዱሽተ ወርሒ እያ ኣብ ከበባ ተጋደልቲጸኒሓ። እዚ መልእኽቲታት'ዚ ንምረት ናይቲ ዝነበረ ኩነታት ዘንጸብርቕ እዩ።

#### ቴለግራም 17/09/1976 (ካብ መምርያ 3ይ ብርጌድ ናብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር)

"ኣብ ናቕፋ ዝርከብ መበል 15 ሻለቃ ጦር፡ ካብ ዕለት 17/09/1976 ሰዓት 10፡00 ቀትሪ ጀሚሩ ምስ ወንበዴታት (ተጋደልቲ) ውግእ ገጢሙ ይርከብ። ብዘሓ ዘለዎም ወንበዴታት ንከተማ ናቕፋ ብዙርያ ከቢቦም ናብ ሰራዊትና ክትክሉ ወዓሎም። ነፈርቲ ውግእ 4 ግዜ ብተኸታታሊ ተላኢኽን ብጥምባ ትኪን ሄሊኮፕተርን እናተመርሓ ዝተቘጻጸርዎ ቦታታት ደብዲበን። ካብዘን ዝተላእካ F-86 ናይ ውግእ ነፈርቲ፡ እታ ሓንቲ ሰዓት 11፡45 ብጥይት ወንበዴታት ተሃሪማ ተቓጺላ። ኣብራሪ መኪናን (ፓይሎት) ብፓራሹታ ብሰላም ኣብ መዓስከር ናቕፋ ዓሊቡ ከምዘሎ ብኣኽብሮት ነፍልጥ።"

#### ቴለግራም 18/09/1976 (ካብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር - ናብ ምድር ጦር)

"መበል 15 ሻለቃ ምስ ወንበዴታት ዘካይዶ ዘሎ ብርቱዕ ውግእ ይቕጽል ኣሎ። ሎሚ እውን 4 ግዜ ናይ ነፈርቲ ውግእ ሓገዝ ተገይሩሉ። ካብ ወንበዴታት ብዝተተኰሰ ሞርታር ሓንቲ 21/2 ቶን ወተሃደራዊት መኪና ክትቃጸል ከሎ፡ ናይቲ ሻለቃ ቤት ጽሕፈትን ገለ ናይ ፖሊስ መንበሪ ኣብያቲን ዓንዩ ኣሎ። 2 ወተሃደራት ቈሲሎም ኣለዉ። ኣቲ ትማሊ ነፋሪቱ ተወቒዓ ኣብ ናቕፋ ዝዓለበ ኣብራሪ መኪናን ከም'ኡ'ውን ቀንሰላት ወተሃደራት ክትወስድ ዝተላእከት ሄሊኮፕተር ክትዓልብ ስለዘይከኣለት ተልእኾኣ ከምዘይፈጸመት ብኣኽብሮት ንሕብር።"

#### ቴለግራም 19/09/1976 (ካብ መምርያ 3ይ ብርጌድ - ናብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር)

"ኣብ ናቕፋ ዝርከብ መበል 15 ሻለቃ ጦር ብዘይ ምቍራጽ ኣብ ከቢድ ውግእ ይርከብ። ብዕለት 18/09/1976 ኣብ ዝተኻየደ ውግእ 2 ወተሃደራት ክሞቱዎ ከለዉ 5 ቈሲሎም ኣለዉ።"

#### ቴለግራም 20/09/1976 (ካብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር)

"ትማሊ (19/09/1976) ወንበዴታት ካብ ሰዓት 01፡00 (ናይ ለይቲ) ጀሚሮም፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ናቕፋ ክሕሉ ኣብ ልዕሊ ዝተዋፈረ ጦር መጥቃዕቲ ፈጺሞም። ብዘሓ ብዘለዎ ከበድቲ ብረታት ንኣብያተ ጽሕፈትን ናይ ጦር ዕርድታትን ደብዲቦም። ኣብቲ ግጥም 1 መኰንን 3 ወተሃደራት ክሞቱ ከለዉ 8 ወተሃደራት ቈሲሎም ኣለዉ። እቲ ጦር ካብቲ ናይ ሓለዋ ቦታ ስሒቡ ናብ መዓስከሩ ተመሊሱ ነይሩ። ጸኒሑ ግን መጥቃዕቲ ከፊቱ ንወንበዴታት ብምርሓቕ ቦታኡ ኣምሊሱ ኣሎ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ቀትሪ ነፈርቲ ውግእ 3 ግዜ ብሄሊኮፕተር ተመሪሐን ንቦታ ወንበዴታት ደብዲበን። ኣብ ግዜ ደብዳብ ሓንቲ F-86 ነፋሪት ውግእ፡ ሰዓት 16፡30 ብወንበዴታት ተወቒዓ ተቓጺላ። ኣብራሪ ፓይሎት ኣብ ከበቢ ኣፍዓበት ብፓራሹታ ድሕሪ ምዕላቡ ናብ ኣስመራ ብድሓን ተመሊሱ ኣሎ። ሄሊኮፕተር ክትዓልብ ብዘይምኽኣላ ሓዚዩ ዝኸደት ዘጠናኽር ዓቕሚ ሰብን ዕጥቅን ስንቅን ከተውርደን ቈሰላት ከተልዕልን ከምዘይከኣለት ንሕብር።"

#### ቴለግራም 21/09/1976 (ካብ ናቕፋ)

"ካብ ዕለት 17/09/1976 ጀሚሮም ወንበዴታት ብዝተጠናኸረ ሓይሊ ንመዓስከርና ብዙርያኡ ከቢቦም ብ4.2 ሞርታር፡ ብ82 ሚ.ሜ ሞርታር፡ ብ6.58 ካሊቨር ጸረ-ነፈርቲ ብሬን፡ ብ75 ሚ.ሜ ዘይራጋሕ ብረትን ብዝተፈላለየ ላውንቸር ብረታትን፡ ለይትን መዓልትን ብዘይምቍራጽ ይትኩሱልና ከምዝለዉን ኣብ ሰብ ኮነ ንብረት ዓቢ ጉድኣት ይወርደና ከምዘሎን ደጊምና እኳ እንተ ኣመልከትና፡ ካብ ከበባ ወንበዴታት ብህጹጽ ንምንጋፍና ክሳብ ሕጂ ዝተወሰደ ስጉምቲ የለን። ኣብ ርእሲ'ዚ እቲ ጦር ናይ ቀለብ ሸግር ኣጋጢምዎ ከምዘሎ ብኣኽብሮት የፍልጥ።"

#### ቴለግራም 21/09/1976 (ካብ ናቕፋ)

"ወንበዴታት ኣብ መዓልቲ ክሳብ 140 ቦምባታት ይትኩሱ ብምህላዎም፡ ኣብ ንብረት ኮነ ኣብ ሰብ ዝወርድ ዘሎ ጉድኣት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናቐጸለ ይኸይድ ኣሎ። ትማሊ ናይ ከቢድ ብረት ደብዳብን ናይ ኣውቶማቲክ ጠበንጁ ተኹሲን ምሉእ መዓልቲ ብዘለዓለ ደረጃ ቀጺሉ ወዒሉ። ሓደ ወተሃደር ተቐቲሉና 2 ድማ ቈሲሎምና ኣለዉ። ናይ ሬድዮ ኣንቴና ተሃሪሙ ሬድዮ ርክብ ንምግባር ተሸጊርና ኣለና።"

#### ቴለግራም 21/09/1976 (ካብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር - ናብ ምድር ጦር)

"ኣብ ናቕፋ ንዘሎ ጦር ክረድኡ ህጹጽ ተልእኾ ዝተዋህቦ ሄሊኮፕተር ወለድ ብዕለት 21/09/1976 ካብ ሰዓት 06፡30 ክሳብ 13፡30 ኣብ ዝነበረ ሰዓታት፡ ካብ ከረን ተበጊሱ ብሸነኽ ምብራቕ ካብ ናቕፋ 12 ኪ.ሜ ርሒቑ ኣብ ናሮ ዝተባህለ ቦታ ወሪዱ ኣሎ። ነፈርቲ ውግእ ደጋጊመን ናይ ደብዳብ ሓገዝ ብምግባር ጉልባብ ገይረናሉ። ከም'ኡ'ውን እቲ ኣብ ወሸጢ ናቕፋ ዘሎ ጦር፡ ሄሊኮፕተር ወለድ ክኣትወሉ ዝኽእል መጸግዒ ቦታታት ንምቍጽጻር ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ጦር ኣውፊሩ ኣብ ልዕሊ ወንበዴታት ውግእ ከፊቱ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ'ዚ፡ ሄሊኮፕተር ወለድ ናብቲ ቦታ ንኺኣቱ ከየቋረጸ ክጽዕጽዕ ከምዝተወዓለ ንምርግጋጽ ተኻኢሉ ኣሎ። ነፈርቲ ውግእ'ውን 7 ግዜ ደጋጊመን ብምምልላስ ሓጊዘንኦ።"

#### ቴለግራም 22/09/1976 (ካብ ናቕፋ)

"ብዕለት 17/09/1976 ኣብ ቦታ ሓለዋ ቤት ጽሕፈት መምርያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ኢድ ብኢድ ውግእ ሓንቲ ቍጽሪ 72 ሬድዮ፡ ሓንቲ 7-50 ናይ ዓውደ ውግእ መጽር፡ ሓደ ቀይሕን ጸዕዳን ሰማያዊን ፓነል፡ 2 ኤም-14 ጠበንጃ ጠፊኡና ከምዘሎ ነፍልጥ" ("ጠፊኡና" ዝበልዎ፡ ብተጋደልቲ ከምዝተማረኸ ክግመት ይከኣል።)

#### ቴለግራም 23/09/1976 (ካብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር)

"ሄሊኮፕተር ወለድ ካብ ዕለት 21/09/1976 ክሳብ ዕለት 22/09/1976 ናይ መጀመርታ ኣንፈት መጥቃዕቱ ንምፍጻም ብርቱዕ ውግእ ኣካይዱ። እንተኾነ ካብ ወንበዴታት ተረር ተቓውሞ ስለዘጋጠሞ፡ ቀልጢፉ ብምኽኣስ ኣብ ሽቶኡ (ናቕፋ) ክበጽሕ ኣይከኣለን። ኣብ ርእሲ'ዚ ጥይቱ ስለዝወድአ ናይ ማይ ሸግር እውን ስለዘጋጠሞ፡ ብዕለት 23/09/1976 ካብ ከረን ብሄሊኮፕተር ብምምልላስ ማይን ጥይትን ቀለብን ከምዝበጽሖ ተገይሩ ኣሎ። ኣብዚ ቀዳማይ ናይ ውግእ መዓልቲ ቀሊል ዘይኮነ ጉድኣት ወሪድዎ ከምዘሎ ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብቲ ውግእ ዝተጎድኡ ብሄሊኮፕተር ተገሊሎም፡ መተካእታ ናይቶም ጉዱኣትን መጠናኸሪ ሓይልን 3 ናይ ሚእቲ ጦር ብዕለት 23/09/1976 ከምዝበጽሓሉ ብኣኽብሮት ንገልጽ።"

#### ቴለግራም 24/09/1976 (ካብ መምርያ 2ይ ክፍለጦር)

"ሎሚ ድሕሪ ቐትሪ ቍ.81 ሄሊኮፕተር ዘጠናኸር ሓይሊ ሰብ ጸዒና ኣብቲ ሄሊኮፕተር ወለድ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ምዕላብ እንከላ ብወንበዴታት ተሃሪማ ጉድኣት ከወርዳ እንከሎ ካብ ተሳፈርታ ሓደ ወተሃደር ሞይቱ ኣሎ።"

#### ቴለግራም 27/09/1976 (ካብ ናቕፋ)

"ኣጋጢሙና ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ብዝምልከት መዓልቲ መዓልቲ ካብ ምሕባር ኣይተቛረጽናን። እዚ ዘተሓሳስብ ኩነታት እናፈለጥካ ህጹጽ ስጉምቲ ዘይምውሳድ ምኽንያቱ ኣይረድኣናን። እዚ ንእሸቶ ናይ መንግስቲ ጦር ምስቲ ዝጥቀመሉ ንብረት፡ በዞም ብብረት ይኹን ብዓቕሚ ሰብ ጸብለልታ ዘለዎም ወንበዴታት እንተተደምሰሰ ንመላእ ሰራዊትና ኣየሕዝኖን'ዶ? ካብዘን ብብዙሕ ሚልዮናት ተገዚአን ዝመጻ ነፈርቲ ውግእ ድሮ ክልተ ብወንበዴታት ተወቒዐን ምቅጻለን ንኩነት ናይቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ዘረጋግጽ ጭብጢ'ዶ ኣይኮነን? እዚ ሸግር'ዚ ከምዝሉ ዝቕጽል እንተኾይኑ፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ዶብ ሃገሩ ክሕሉ ኣብ ርሑቕ ቦታ ዝሰፈረ ጦር ወሪዱ ዘሎ ስቓይን በደልን፡ ኣቲ ኣብ ካልእ ከባቢታት ንሓለዋ ሃገር ቈይሙ ዘሎ ሰራዊት ናይ ውግእ ሞራሉ ኣይሰብሮን'ዶ? ብጅግንነት ዝተሰለፈ ጦር ኣብ ዓውደ ውግእ ቈሲሉ፡ ሕክምና ረኺቡ ክድሕን እናኽኣለ ናይ ምእላዩ ስጉምቲ ብዘይምውሳዱ ብቕንሲ በበሱ ክመውት ከሎ ኣየሕዝንን'ዶ? ቀለብ ከምዝይብልና ካብቲ ውግእ ዝጀመረሉ ቀዳማይ መዓልቲ ኣፍሊጥና ኢና። እዚ ጦር'ዚ ብጥይት ለይትን መዓልትን ዝውቃዕ ዘሎ ውሑድምስ ብጥሜት ክሸገር? ዝ ኩሉ ክብል ዘበደሂ ናይቲ ኩነታት ክብደትን ክመጽእ ዝኽእል ዝኸፍአ ሳዕቤንን እናተረድኣና ጉዳይ ሃገር ስለዝኾነ እዩ'ሞ ናብ ካልእ ከይተርጎመሉ ሓደራ እብል። ኣቲ ጦር ዘይተኣስ ንኽብሪታ ሃገር ተባዚሉ ቅልጡፍን ወሳኒን ስጉምቲ ክወሰድ ደጊመ ብኣኽብሮት የመልክት።"

ይቕጽል



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሳምሶን፡ ኣብ 'ዉሺ ማራቶን' ተዓዊቱ




ኤርትራዊ ኣትሌት ሳምሶን ኣማረ፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ቻይና ንዝተኻየደ 'ዉሺ ማራቶን' ብምዕዋት፡ ኣብ ብሉጽ ቁመና ምህላዉ ኣመስኪሩ።

እዚ ኦሎምፒኻዊ ኣትሌት፡ ዝ. ናይ ወርቂ ደረጃ ዘለዎ ውድድር (42 ኪሎሜተር) - ብ2 ሰዓትን 7 ደቒቕን እዩ ተዓዊቱሉ። ኢትዮጵያዊ ታፋ ጋዲሳን ብ2 ሰዓት፡ 7 ደቒቕን 2 ካልኢትን ተኸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን እንከሎ፡ ወዲ ሃገሩ ደሶ ቻሉ ሓሙሽተ ካልኢት ድሒሩ ሳልሳይ ኣትዩ።

ሓደ ካብ ምኩራት ኣትሌታት ሃገርና ዝኾነ ሳምሶን፡ ኣብዚ ርሕቀት ዘምጽኦ ዘሎ ውጽኢት ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ። ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተኻየደ 'ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ' ቀዳማይ ኮይኑ ዝተዓወተ እዚ ኣትሌት፡ ኣብ መጻኢ ኣብቲ ዝዓበዩ ናይ ፕላቲንዩም ደረጃ (ማጆር ማራቶን) ዘለዎም ማራቶናት ክዕወት'ውን ትጽቢት ይግበረሉ።

ዉሺ ማራቶን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ቻይና ዝሰላሰሉ ፍሉጣት ማራቶን እዩ፣ ብቐደሚ ትማሊ ኸኣ፡ ካብ 36 ሃገራት ዝተዋጽኡ 35 ሽሕ ሰባት ከምዝተሳተፍዎ ተሓቢሩ።

## ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

### ሚልክያስ፡ ይቕረታ ሓቲቱ

ንዘኻሪ ብሂወት ዘየለዉ ተቐዳደምቲ ዝተሰርዐ ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት ኣብ ከባቢ ሞኖፖልዮ ብዝተኻየደ ካልኣይ መድረኽ ተዛዚሙ።

እዚ ናይ ዝኻሪ ውድድር፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንዓቕብ ሚኒስትሪ ዜና (ፎርቶ)




ብዝኾተተ ጸወታ፡ ቀዳማይ መድረኽ ኣሰላሲሉ ነይሩ። ኣብዚ ካልኣይ መድረኽ ድማ፡ ንዓቕብ ማይ ጃሕጃሕ ብዘጠቓልል ሓደ ዙርያ 2.4 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፍን መስመር እዩ ተቓኒዑ።

ከሳብ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ተሓዊሰን ብምውድዳር ኣሰኪዩት ዝመስላ ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ፡ ትማሊ ማዕረ ዕድል ረኺበን በይነን ጸወታአን ኣካይደን። ዝምስገን ጸወታ'ውን ኣርእየን።

ኣብታ ውሑድ መጠን ምንቅስቓስ ዘለዋ መዘምሚት ሕንጻጽ ዝተሰርዐ ዓቕብ ሞኖፖልዮ ኣብ ዝነበራኦ ሽኳ ድማ፡ ተቐዳዳሚት ሰራየር ሳዋ - የርዳኖስ ተኪኤ ቀዳመይቲ ኣትያ። ናርዶስ ጼጋይ ጋንታ ደቡብ ከምኡ'ውን ሮምና ጉዕሽ - ደንደን፡ እግሪ እግራ ኣትየን። ብዘይካ ክልተ እተን ዝጠዓሳ (20 ተቐዳደምቲ) ዝ. 69 ኪሎሜትር ዝሸፈነ መድረኽ፡ ኣብ ሰዓት 35.15 ኪሎሜትር እናረገጸ - ብ1 ሰዓት፡ 57 ደቒቕን 46 ካልኢትን ዛዚመናኦ።

ብወሀሉል ግዜ ክልተኡ መድረኽ ድማ፡ ሰዶን ሃብቶም ካብ ሰራየር ሳዋ - ብ4 ሰዓትን 32 ደቒቕን ዝ. ናይ ዝኻሪ ውድድር ተዓዊታትሉ። ሰለስተ ካልኢት ተፈንቲታ ኣባል ጋንታ ደቡብ ሄርሜላ ሳይሞን ካልኣይቲ፡ 12 ካልኢት ዝደሓረት ተቐዳዳሚት ዓራግ - ርዚና ብርሃ ድማ፡ ሳልሰይቲ ብምዃን መድረኽ ደይበን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዘጠዘሐ ወላ'ውን ኣብ ሃገራዊ ውድድር ተመራሪሐን ዝዕወታሉ ዝነበራ መውዳድርቲ ዘኾና ቅሳነት ወልደሚካኤልን ኣድያም ዳዊትን፡ ኣብዚ ሓዲሽ ውድድር ዛጊት ናብ ቁመና ኣይተመልሳን ዘለዋ። በዘን ተቐዳደምቲ ተዓብለለን ዝነበራ ካልኦት ክዕወታ ምጅማረን (ብፍላይ እተን ነኣሽቱ) ድማ፡ ዝ. ውድድር መቐረት ሂቡዎ ክበሃል ይኽእል። ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክገርእየን እንደሊ ቅሳነት፡ ኣድያምን ካልኦት ሃሰሰን ዘለዋ መዂኣንን ግና፡ ኣብ ዝስዕብ ውድድር ናብ ብቕዓት ተመሊሰን ክንርእየን ንትሰፉ።

100.4 ኪሎ ሜተር (41 ዙርያ) ዝተሰርዓሎም ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ ተቐዳደምቲ፡ ብዙሕ መጥቃዕትታት ዝተራእዮ ጸወታ ኣሰላሰሎም። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘለዋ ተወዳዳርነትን ዓወትን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ተምጽኦ ዘላ ጋንታ ደቡብ ድማ፡ ብመገዲ ተቐዳዳማያ ሮቤል ሃብተማርያም ተዓዊታ። ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ሳልሳይ ወጺኡ ዝነበረ ሮቤል፡ ንናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ ሄርሞን ኢሳቕን ኣባል ኤሪቴል - ሳሙኤል ምስየናን ብሸኳ ረቲዑ እዩ ተዓዊቱ። ኩሎም ተቐዳደምቲ ኸኣ፡ ብጠምጋም 44 ኪሎሜትር እናተሓንበቡ - ብ2 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 9 ካልኢትን ውድድር ዛዚሞም።

ኣብዚ መድረኽ መጥቃዕቲ ብምኽያድ ንገለ ዙርያታት ንበይኑ ዝተጓዕዘ ዕዉት ቀዳማይ መድረኽ ተቐዳዳማይ ኣስቤኦ - ሚልክያስ ማእከል ታሽዓይ ኣትዩ። ብወሀሉል ግዜ ግና፡ ዕዉት እዚ ውድድር ኮይኑ - ብ5 ሰዓት፡ 7 ደቒቕን 16 ካልኢትን።

ነታ መድረኽ ዝተዓወተላ ሮቤል ከምኡ'ውን ካልኣይ ዝኣተወ ሄርሞን፡ ብተመሳሳሊ ሰለስተ ካልኢት ተፈንቲኖም ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም። ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ካልኣይ ኣትዩ ዝነበረ - ሄርሞን፡ ብውልቁ ዘርኣዮ ብቕዓት ሞሳ ዝግበኦ እዩ። ጋንታ ረኺቡ ደረጃኡ ከዕቢ ድማ ትጽቢት ይግበረሉ።

ናይዚ እዋን ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ውሽጢ ዓዲ ምዃኑ ዝእመነሉ - ሚልክያስ፡ ኣብቲ ናይ ሽልማት ቦታ ብዘይምርካቡ ንተዓዘብቲ ቅር ኣቢሉ እዩ። በዚ ዝኣተዎ ደረጃ ዝዕወት ስለዘይመስሎ ንገዛ ከምዝምርሐ ብምግላጽን ድሒሩ ኣርኪቡ ምፍታኑ ብምሕባርን ግና፡ ይቕረታ ሓቲቱ። እዚ ወዲ 20 ዓመት ብሉጽ መንእሰይ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ ትጽቢት ዝግበረሎም ትሱፋዋት ተቐዳደምቲ እዩ።

ወርትግ ብሉጽ ጸወታ ዘርእዩ ጁንጀር (ካልኣይ ዲቪዥን) ተቐዳደምቲ፡ ንዝተሰርዓሎም 78.8 ኪሎሜትር፡ ኣብ ሰዓት ብጠምጋም 42.8 ኪሎሜትር እናተጓዕዙ - ብ1 ሰዓት፡ 50 ደቒቕን 20 ካልኢትን ዛዚሞሞ።

ተቐዳዳማይ ደንደን - የናታን ቴድሮስ ከኣ፡ ኑየም ብምውዳቕም ሸተት ኢሎም ሕንጻጽ ዝሓለፉ ነ. ሳሙኤል ካብ ትጸቢት፡ ሚካኤል ዳኒኤል ካብ ደንደን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።

ብወሀሉል ግዜ ድማ፡ ንክልተኡ መድረኽ ዝተዓወተሉ የናታን - ብ3 ሰዓት፡ 57 ደቒቕን 59 ካልኢትን ጸብሊል ኢሉ። ሚካኤል - ደንደን፡ ኢስርም ኤፍሬም ካብ ናትና፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ተኸቲሎሞ።

56.1 ኪሎሜትር ኣብ ዝሸፈኑ ዩዝ (ሳልሳይ ዲቪዥን)፡ ኣባል ጋንታ ትጸቢት - ኣሚነዳኣብ ወልደየውሃንስ - ብ1 ሰዓት፡ 21 ደቒቕን 33 ካልኢትን ተዓዊቱ። ናታን ሳሙኤል - ደንደን፡ መርሃዊ መሓሪ - ጉዳይፍ፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ተመራሪሖም ኣትዮም።

ኣብዚ ካብቶም ካልኦት ዲቪዥናት ብዝተፈልየ - ብወሀሉል ነጥቢ ዕዉታት ዝተፈልዩሉ እዚ ዲቪዥን፡ ንክልተኡ መድረኽ ዝተዓወተሉ - ኣሚነዳኣብ፡ ብ22 ነጥቢ ተዓዊቱ። መርሃዊ፡ ብ17 ነጥቢ ካልኣይ፡ ተቐዳዳማይ ኢዩቢኤን - ንፍታሌም ቅዱስ፡ ብ14 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም። ጋንታ ኢዩቢኤን (ABN) ፕሮፈሽናላት ተቐዳደምቲ ኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄር፡ ቢንያም ግርማይን ናትናኤል ተስፋጼንን ዝመስረቱዋ እያ።




ኣብ እዋን ቅጽበታዊ ውድድር ብዙሓት ተቐዳደምቲ ወዲቖም

## ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንነት ዘልሓጥ ኢላ

### ሻምፕዮና ደቂ ኣንስትዮ ቀጺሉ

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብናይ መበል 11 ሰሙን ግጥማት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ፓራዳዝ ማዕረ ብምፍልላያ፡ ካብ መራሒት ዘላ ደንደን ብበዝሒ ነጥቢ ተፈልያ ኣብ ስሌዳ ውድድር ሻምፕዮን ዘልሓጥ ኢላ።

ቀይሕ ባሕሪ፡ ቀደማ ዕረፍቲ ኣብ ተወሳኺ ግዜ፡ ብሉጽ ኣከፋፋሊኣ ሚካኤል ሃብተ (ትንሹ) ብዘመዝገቦ ሸቶ 1-ብ0 መሪሓ ነይራ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ወጽኢት እተገፍሕ ሸቶ ከተመዝግብ ዘይክኣለት እዛ ጋንታ፡ ካብታ ንታሕቲ ከይትወርድ እትቃለስ ዘላ ፓራዳዝ፡ ከቢድ ብድሆ እዩ ገጢምዋ። ፓራዳዝ ጸወታ ተዛዚሙ እናተባህለ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ተቐይሩ ብዝኣተወ ፍትዊ ብርሃ ናብ ፈንጠዝያ ዝኣተወቶም ሸቶ ኣመዝጊባ፡ 1-ብ1 ተፈላልያ ነጥቢ ተማቒላ ወጺኣ። ቀይሕ ባሕሪ፡ ቀዳማይ ሓላዊ ልዳትን ካልኦት ቀንዲ ተሰለፍቲን ተቐየርቲ ብምግባሩ፡ ጉዳይ ከምዘኸሰራ ይትንተን። ብሉጽ ተጻወታይ ናይቲ ግጥም ኣባል ፓራዳዝ መድሃኔ ኣብርሃ ተሰምዩ።

መራሒት ናይዚ ውድድር ዘላ ደንደን ንሓይሊ ኣየር ገጢማታ። ዛጊት ስዕረት ዘይቀመሰት ዘላ ደንደን፡ ኣብቲ ጸወታ'ውን ዓብላሊት ነይራ። ቅድሚን ድሕሪን ዕረፍቲ ብተኸታታሊ ካብ ሴም ተኪኣ፡ ቢንያም ግርማይ፡ ስምኦን ሃብተን ሮሚል ዓብዱን ብዘቑጸረተን ሸቶታት ብገፊሕ 4-ብ0 ተዓዊታ። ተጻዋታይ የሴፍ ጼጋይ ድማ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተባሂሉ።

ግጥም ኣስመራ በራን ኣልታሕረርን ድሒሩ ተሰላሲሉ። እዚ ግጥም፡ 0-ብ0 ብምዝዛሙ ድማ፡ ክልተአን ሓሓንቲ ነጥቢ ወሲኸን፡ ኣልታሕረር ብ19፡ ኣስመራ በራ 12 ነጥቢ ሒዘን ኣለዋ። ዘርኢት የማ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ዛጊት ተኻይዱ ኣብ ዘሎ ጸወታታት፡ ደንደን ብምሉእ 33 ነጥቢ ትመርሕ ኣላ፡ ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ቀይሕ ባሕሪ ድማ፡ ብትሸዓተ ነጥቢ ድሒራ ትስዕባ፡ ሳልሰይቲ ኸኣ፡ ኣልታሕረር ተሰሪዓ ኣላ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ማይ ተመናይን ጉዳይፍን ኣዱሊስን ኩብንያ ሰምባልን ካብ ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ ጀሚረን ብዝካይዳአ ጸወታታት ክቕጽል እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮና ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ እዚ ዞባ'ውን፡ ብቀዳም 22 መጋቢት ቀጺሉ።

ፈለማ ኢንሹራንስን ምምሕዳር ዕዳጋ ሓሙሰን ዝተጻወታ ኮይነን፡ ኢንሹራንስ ብገፊሕ 8-ብ0 ተዓዊታ። ማርታ ተወልዳ ካብ ኢንሹራንስ ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ግጥም ኩብንያ ህንጻ ሰገንን ደንደንን እውን ገፊሕ ወጽኢት እዩ ተመዝጊቡ። ደንደን ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሄርሞን እዮብ ክልተ ሸቶታት ከተመዝግብ እንከላ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ኸኣ፡ ብመገዲ ፍቓዱ ጉዳሙ ክልተ ሸቶታት ወሲኻ 4-ብ0 ስዒራ። ኣባላ ቬኑስ ሃይለስላሴ ድማ፡ ናይቲ ጸወታ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣመሪካ ምስ ኢራን ክትዘራረብ ከምእትደሊ ገሊጻ




ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ስቲቭ ዊትኮፍ፡ ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ተግባር ንምውጋድ፡ ዶናልድ ትራምፕ ብዛዕባ ኑክሌሳዊ ፕሮግራም ኢራን ምስ ላዕለዋይ መራሒ ኢራን ኣያቶላህ ዓሊ ካመኒ ሓዱሽ ውዕል ክዝርርብ ከምዝመደበ ገሊጹ።

ዊትኮፍ ንምዕቢን ዜና ፎክስ ኒውስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ “ኩሉ ነገር ብወተሃደራዊ ስጉምቲ ክንፈትሖ ስለዘየድልየና፡ ምስ ኢራን ኮፍ ኢልና ብዲፕሎማስያዊ መገዲ ክንዘራረብ ኢና ንደሊ” ኢሉ።

ኣቐድም ኣቢሉ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ብዛዕባ ንጥፈታት ኑክሌሳዊ መደባት ኢራን ክዘራረብ ከምዝደሊን ሓሳቡ እንተተነጺጉ ድማ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከምዝወስድ ዝገልጽ መልእኽቲ፡ ብ7 መጋቢት ናብ መራሒ ኢራን ሰዲዱ ምንባሩ ይዝከር። ኣያቶላህ ዓሊ ካመኒ ግን ሃገሩ ምስ ኣመሪካ ኣብ ከምኡ ዓይነት ንጥፈት ከምዘይትኣቱ ገሊጹ’ዩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ ድማ ዋሽንግቶን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝገበረቶ ጸቕጢ ፖሊሲ ክሳብ ዘይቀየረቶ ምስ ኣመሪካ ምዝርራብ ከምዘይከኣል’ዩ ዘረድኡ።

እዚ ከምዝሉ እንከሎ፡ ትራምፕ፡ ኣብ’ቲ ዳምጋይ ተወሲዑ ዘሎ ግጭት እስራኤልን ሓማስን፡ ኢራን ኣብ የመን ንዘሎ ምንቅስቓስ ሑቲ ናይ ኣጸዋር ደገፍ ከይትህብ ኣጠንቂቑ ኣሎ። እንተዘይኮይኑ፡ ኢራን ነቲ ብሑቲ ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕትታት፡ ሓላፍነት ከም እትወስደሉ ሓቢሩ’ዩ።

የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ፡ ኣብ ኩናት ቃዛ ንፍልስጤማውያን ዘለዎ ደገፍ ንምግላጽ፡ ኣብ ማስመራት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ዝንቀሳቐሳ ንግዳውያን መራኽብ መጥቃዕቲ ክፍጽምን ናብ እስራኤል ሚሳይላት ክትኩስን ምጽንሑ ይዝከር።

## ዘለንስኪ፡ ሩስያ ‘ዘየድሊ ጠለባት’ ካብ ምቕራብ ክትቍጠብ ጸዊዑ

ፕረሲደንት ዩክረይን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ፑቲን “ነቲ ኩናት ከም ዝናዋሕ ዝገብር ዘየድሊ ጠለባት ካብ ምቕራብ ክቑጠብ ኣለዎ” ክብል ደጊሙ ገሊጹ። ዘለንስኪ ኣስዒቡ፡ ነቲ ‘ዩክረይን ናብ ኔቶ ክትምጽበር የብላን’ ዝብል ፑቲን ዘቕረቦ ዘሎ ካልእ ቅድመ-ኩነት’ውን ትራምፕ እንተ ደኣ ተቐቢሉዎ፡ “ዓቢይ ሀያብ ንሩስያ” ክኸውን ከምዝኽእል ብምግላጽ፡ ንሰላም ዝዕንቅፉ ጠለባት ፑቲን ክዮቅሉ ጸዊዑ።




ምስኮ ተቐርቦ ዘላ ቀዳማይ ቅድመ-ኩነት፡ ንዩክረይን ዝወሃብ ወተሃደራዊ ኮነ ጸጥታዊ ሓገዛት፡ ምሉእ ብምሉእ ክቋረጽ ከምዘለዎ ዝጠልብ ምዃኑ’ዩ ማዕከናት ዜና ዝሕብራ።

መራሒ ዩክረይን ኣቐዲሙ ምስ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ለንደን ድሕሪ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ፑቲን ነቲ ማስርሒ ሰላም ዝዕንቅጹ ጠለባት ካብ ምቕራብ ክቋረጽ ከምዘለዎ ገሊጹ ምንባሩ ይፍለጥ።

ኣብ’ቲ ኣብ ለንደን ዝተኻየደ ወተሃደራውያን ሓለፍቲ ልዕሊ 20 ሃገራት ዝተሳተፉሉ ኣኼባ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪየር ስታርመር፡ ቭላዲሚር ፑቲን ሕቡእ ጥጅእ እንተዘይሃልይዎ፡ ንስምምዕ ሰላም ከምዝሰማማዕ እዩ ሓቢሩ።

ስታርመርን እቶም ላዕለዎት ወተደሃደራውያን ሓለፍትን፡ ኣብ ዩክሬን ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ምስ ተበጽሐ፡ ብዛዕባ ክኸውን ዝኽእል ኣተኣማምኒ ማስርሕ ከምዝዘራረቡ’ዩ ዝገለጹ።

እዚ ከምዝሉ እንከሎ፡ ኣብ ዩክረይን ተዋፊሮም ዝርከቡ ወተሃደራት ብሪጣንያ፡ ኣብ ዩክረይን ንኸንደይ ግዜ ክጸንሑ ከምዝኽእሉ ሕቶ ፊጢሩ ከምዝሎ በቢሲ ገሊጹ።

ዝጠዘሉ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ንዩክረይን ፋይናንሳውን ወተሃደራውን ደገፍ ምሃብ ከምዝቕጽልዎ ክገልጹ ከለዉ፡ መራሒ ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን ግን ሃገሩ ንዩክረይን ዝኾነ ሓገዝ ከምዘይትገብር’ዩ ኣፍሊጡ ዘሎ።

ኣመሪካ፡ ኩናት ዩክረይን ደው ንምባል፡ ምስ ላዕለዎት መራሕቲ ሩስያን ዩክረይንን ኣብ ሪያድ - ስዑድ ዓረብያ ዝርርብ ከተካይድ ኣብ ሓያል ጻዕሪ ከምዘላ ይፍለጥ።

## ትራምፕ፡ ካማላ ሃሪስን ሂላሪ ክሊንተንን ‘ምስጢራዊ ሓበሬታ’ ከይርእያ ከልኪሉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምክትል ፕረዚደንት ነበር ካማላ ሃሪስ ምስጢራዊ ሓበሬታ ናይ ምርኣይ መሰላ ኣልዒሉ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ነታ ኣብዚ ናይ ሕጂ ምርጫ ቀንዲ መቓናቕንቱ ዝነበረት ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ንሂላሪ ክሊንተን እውን ንዝገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ዝምልከት ምስጢራዊ ሓበሬታ ናይ ምርኣይ መሰላ ከልኪሉ ኣሎ።



ትራምፕ፡ “ናይ’ዞም ውልቀሰባት መሰል ምርኣይ ምስጢራዊ ሓበሬታ ጸጥታ ክስረዝ ወሲነ ኣለኹ። ምኽንያቱ፡ ምስጢራዊ ሓበሬታ ምርካቦም ንዝገራዊ ረብሓና ዋጋ ስለ ዘይብሉ” ክብል ገሊጹ።

ኣቐዲሙ፡ ሰብስልጣን ነበር እታ ሃገር ምስጢራዊ ሓበሬታ ናይ ምርኣይ መሰል ነይሩዎም እዩ።

ብመሰረት እዚ ሕጂ ምምሕዳር ትራምፕ ኣመሓላሊፉዎ ዘሎ ሓድሽ ውሳነ ግን፡ ካብ ስልጣን ዝተኣልዩ መራሕቲ ነበር እታ ሃገር ናብ መንግስታዊ ትካላት ክኣትዉን ምስጢራዊ ሓበሬታ ክረኽቡን ፍቓድ ኣይክህልዎምን እዩ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ እዋን ምምሕዳር ባይደን፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ኣንቶኒ ብሊንከን፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ጄክ ሱሊቫንን ምክትል ዋና ዓቃቢ ሕጊ ሊዛ ሞናኮን ምስጢራዊ ሓበሬታ ኣመሪካ ናይ ምክፋል መሰሎም ተገፊፉ ኣሎ።

ኣብ ማስርሕ ምጽራይ ‘ናዕቢ ካፒቶል ሂል’ ዝተሳተፉ ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን ሊዝ ቸኒን ኣዳም ኪንዚንገርን እውን ካብ’ቶም መሰሎም ዝተገፈፉ ኰይኖም ኣለዉ።

ንትራምፕን ናይ ንግዲ መሻርኽቱን ዝኸሰሰት ዋና ዓቃቢ ሕጊ ኒውዮርክ ንቲሻ ጀምስ’ውን ምስኦም ተኸልኪላ ኣላ።

ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ፈደራል መንግስቲ ዝተወሰደ ናይ ምብራር ስጉምቲ ብዘተኣሳሰር ክሲ ዝቐረበሉ ኖርም ኢረሰን እውን ፍቓዱ ሰሪዙዎ ኣሎ።

ብዙሓት ወገናት ኣመሪካ ግን ንእገዳታት ትራምፕ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብሎም ነቐፌታኦም የስምዑ ኣለዉ።

ትራምፕ፡ ቅድሚ ሕጂ’ውን ፍቓድ ናይ’ቶም ነበር ኣባላት ጸጥታ ኣመሪካ ሰሪዙ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።

ኣብ 2021 ባይደን ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ትራምፕ ምስጢራዊ ሓበሬታ ንኸይረኽብ ገዲብ ገይሩሉ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ክፍሊ ፍትሒ ኣመሪካ፡ ባይደን ምክትል ፕረዚደንት ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ብዘይኣግባብ ምስጢራዊ ሓበሬታ ከም ዝረኸበ ኣብ 2024 ከሲሱ ነይሩ።

ትራምፕ ብወገኑ፡ ኣብ 2023 ምስጢራዊ ሓበሬታ ብዘይኣግባብ ብምርካቡ ተኸሲሱ ነይሩ።

## ፓኪስታን፡ 16 ኣፍጋናውያን ዕጡቓት ቀቲላ

ፓኪስታን፡ ኣብ ምዕራባዊ ዶብ ሰሜን ዞባ ዋዚርስታን ብዘጋጠመ ዶባዊ ግጭት፡ ኣብ ሓደ ለይቲ ጥራይ 16 ወተሃደራት ኣፍጋኒስታን ከምዝቐተለት ገሊጻ።



ፓኪስታን፡ ኣቐዲማ፡ ኣብ’ቲ ምስ ኣፍጋኒስታን ዘየሰማምዓ ዶብ፡ ሰርዓቱ ዝሓለወ ዶባዊ ማስመር ክሕንጸጽ ንግዝያዊ መንግስቲ ኣፍጋኒስታን ሓቲታ ከምዝነበረት ዝፍለጥ እዩ።

ኢምባሲ ፓኪስታን ኣብ ካቡል ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ፍጻመ ፍሉይ ወኪል ፓኪስታን ኣብ ኣፍጋኒስታን ሳዲቕ ካን ናይ ክልተ መዓልቲ ዝርርብ ንምክያድ ከተማ ካቡል ኣብ ዝኣተወሉ ከምዝጋጠመ ተፈሊጡ።

ኣባላት ጸጥታ ፓኪስታን፡ ምንቅስቓስ ጣሊባን ኣብ ፓኪስታን ደው ከብልዎ ከምዝይክኣሉ እዮም ዝወቕሱ።

ምንቅስቓስ ጉጅለ ጣሊባን ኣብ 2007 ዝጀመረ ኰይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ጸጥታ ፓኪስታን ኣማኢት መጥቃዕትታት ከምዝፈጸመ ይሕበር።

ጉጅለ ጣሊባን ኣብ 2024 ጥራይ፡ ኣብ ፓኪስታን ልዕሊ 500 መጥቃዕትታት ብምኪያድ ልዕሊ 1500 ሰባት ከምዝቐተለን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ከምዝቘሰለን ጸብጻባት ይገልጹ።

## ቱርኪ - ማእሰርቲ ከንቲባ ኢስታንቡል፡ ህዝባዊ ናዕቢ ኣለዓዒሉ

ኣብ ቱርኪ፡ ቀንዲ ፖለቲካዊ መቓናቕንቲ ፕረዚደንት ጣይብ ኤርዶጋን ምዃኑ ዝንገረሉ ከንቲባ ከተማ ኢስታንቡል፡ ኢክሬም ኢማሞግሉ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ድሕሪ ምእታዉ፡ ብኣሽሓት ዝቖጻሩ ህዝቢ ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ የካይድ ከምዝሎ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ከተማ ኢስታንቡል ዝካየድ ዘሎ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዕቑድ ኣብ ቱርኪ ካብ ዘጋጠሙ እቲ ዝዓበየ ኩይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ህዝቢ እታ ሃገር፡ ኣብ ገዛኡ ኮፍ ክብል ንዘወጸ ትእዛዝ ጥሒሱ ናብ ጎደናታት ብምውጽኡ፡ ምስ ፖሊስ ይጋጨው ከምዝሎ ማዕከናት ዜና ይሕብራ። ብፍላይ ኣብ ከተማ ኢስታንቡል እቲ ርሱን ሰላማዊ ሰልፊ ናብ ግጭት ከየምርሕ ስግኣት ከምዝሎ’ዩ ዝሕበር።

ከንቲባ ከተማ ኢስታንቡል - ኢማሞግሉ ዝሓለፈ ሰሙን እዩ ብበልሽውና ተኸሲሱ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ዘሎ። ንሱ፡ ኣብ 2028 ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ንሰልፊ ሪፓብሊካን ወኪሉ ክሰተፍ ደዩ ኣይክስተፍን ክፍለጥ ቀሩብ መዓልታት ተሪፉዎ ኣብ ዘለወሉ’ዩ ተኣሲሩ።

ተቓናቐንቲ ወገናት እታ ሃገር፡ ምእሳር ኢክሬም ኢማሞግሉ፡ ፖለቲካዊ ምኽንያት ከምዘለዎ’ዮም ዝኸሱ ዘለዉ። ፕረሲደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን ግና፡ እዚ ክሲ ኺ.ግዎ ኣሎ።

ሚኒስተር ፍትሒ ቱርኪ - ዩልማዝ ቱንክ ብዛዕባ ምእሳር ኢክሬም ኢማሞግሉ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሰበት ነቲ ጉዳይ ብዓይኒ ፖለቲካ ምጥማቶም ጌጋ ከምዝኾነ ገሊጹ። “ሕጋዊ መርመራ፡ ናብ ፖለቲካዊ ኣንፈት ምጥምዛዝ ኣብ ዓይኒ ህዝቢ፡ ጌጋ ኣረዳድኣ ዘስርጽ’ዩ” ብምባል ከኣ ንተቓናቐንቲ ወገናት እታ ሃገር ወቒሱ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 25/3/25 | ጎደና እምባረሚ 755፡ ከባቢ ሚኒስትሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services